
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.238 | ሓሙስ 5 ሰነ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3


ቁጠባዊ እገዳ'ከም ሓለንጊ

ገጽ 4

መልእኽቲ ካብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን

ገጽ 5
ልዑል ብቕዓትን ተወፋይነትን ...


ገጽ 11
ኣስመራ ማራቶን...



## ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ ጽንብል ናጽነት ብድምቀት ኣብዒሎም

ኤርትራውያን ማሕበረሰባት ኣብ ደማም ሰዑዲ-ዓረብ፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ጀርመን፡ ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን ከምኡ'ውን ፈረንሳ፡ "ማስመርና ድርዕና" ብዝብል ቴማ፡ ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ብድሙቕ ኣገባብ ኣብዒሎም።

ነበርቲ ደማምን ከባቢኣን - ምብራቕ ሰዑዲ ዓረብ ብ30 ግንቦት ዘየደዎ፡ ፈጻሚት ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ወ/ሮ ወይኒ ገረዝጊሄር፡ ኣቦመንበር ማሕበረሰብ ደማምን ከባቢኣን ኣቶ ጉብረመስቀል ኪዳኔ፡ ኣደ-መንበር ሃማደኤ ደማምን ከባቢኣን ወ/ሮ ኣብርሀት ምናሴ፡ ከምኡ'ውን ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ብባህላውን ስፖርታውን መሰናድኣታት ደሚቑ ነይሩ።

ወ/ሮ ወይኒ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ንረዚን ትርጉም ቴማ በዓል ናጽነት ብምጥቃስ፡ ሓያልን ወፋይን መሪሕነት፡ ህዝበን ሰራዊትን ስለእንዝውንን፡ ዋላ'ኳ በቢመድረኹ ዝቀላቐሉ ብድሆታት እንተለው፡ ከም ኣብ ቃልሲ ንናጽነትን ምዕቃብ ልኡላውነትን፡ ኣብ መደባት ልምዓት'ውን ከምእንዕወት፡ ዘጠራጥር ከምዘየለ ገሊጻ።

ኣቦመንበር ማሕበረሰብ ኣቶ ጉብረመስቀል ኪዳነ ብወገኑ፡ ክቡር ዋጋ ከፊልና ዝጨበጥናያ ሃገር ብልምዓት ንምዕባላ፡ ዜጋታት ኣብ ዘለውዎ ቦታን ሞያን ንቑሕ ኣበርክቶ ክገብሩ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ - ከተማታት ለንደን፡ በርሚንግሃም፡ ማንችስተር፡ ግላስጐ፡ ሊድስ፡ ሸፊልድ፡ ሊቨርፑል፡ ሚድልስቦሮ፡ ሌስተር፡ ኖቲንግሃም፡ ኮቨንትሪ፡ ኒውካስል፡ ዌክፊልድ፡ ብሪስቶል፡ ሳውዝሃምፕተን፡ ካርዲፍን ዳብሊንን ዝበሩ ኤርትራውያን ብብከተማኦም ኣብ ዝወደብዎ ዕዙዝ ሱታፌ ዜጋታት ዝተረጋገጸሉ ጽንብላት፡ ብስነ-ስርዓት ምንብልባል ጣንዴራ ኤርትራ ማዕረጉ ነይሩ።

ኣብ ለንደን ኣብ ዝተገበረ፡ ልዕሊ 50 ወከልቲ ሃገራትን መንግስታትን፡ ዲፕሎማስያዊ ኣካላትን መሓዙት ኤርትራን ከምኡ'ውን ሰብ-ሞያ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዓባይ ብሪጣንያ ዝተሳተፍዎ በዓል፡ ኣቦመንበር ሃገራዊ ሽማግለ ዓባይ ብሪጣንያ ኣቶ ኣሕመድ መሓመድ ማሕሙድን ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣቶ ሳልሕ ዓብደላን ኣብ ዘስምዕዎ ቃል፡ ንመንግስትን ህዝብን ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻልን የሃናኦም ድሕሪ ምግላጽ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ጽንብል ሓቀኛ መርኣያ ፍቕሪ ኤርትራዊ ንጣንዴራኡ፡ ሃገሩን መንግስቱን ከምዝኾነ ገሊጾም።

ኣብ ከተማታት ጀርመን ክቕጽሉ ዝጸንሑ ጽንብላት ናጽነት ድማ፡ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ሎራኽ-ባልደሽት፡ ፉልዳ፡ በርግሽትራሰ፡ ሙኒክ፡ ሽታብደን፡ ብሬመን፡ ርዘንሃይም፡ ኣውግስቡርግን ካውፍቦይረንን ብዝተኻየደ ድግሳት ተዛዚሙ።

ጠቕላሊ ቈንስል ኣብ ፍራንክፈርት ኣቶ ክብረኣብ ተኸስተ፡ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ጠዓመ ሃይለ፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ ህዝባዊ ዲፕሎማሲ ኣቶ ተኽሉ ሰባሲ ብኣካል ተረኺቦም ናይ የሃና መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።

እቲ ጽንብል፡ ብዕያታውን ሃገራውን ጣዕመ ዜማታት ማዕረጉ ነይሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ኣውስትራልያ - ከተማታት መልበርን፡ ፐርዝ፡ ሰድኒ፡ ብሪዝበንን ኣደላይድን፡ ኣብ ኒውዚላንድ ድማ ኣብ ከተማ ክራይስትቸርች ኣብ ዝተወደበ በዓላት፡ ተሳትፎ ዜጋታት ዕዙዝ ከምዝነበረ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ መልበርን ኣብ ዝተገበረ ጽንብል፡ ኣቦመንበር ማሕበረሰብ ኣቶ ኪዳነ ግንቦትን ጠቕላሊ ቈንስል ኣቶ መሓሪ ተኸስተን፡ ንመዓልቲ ናጽነት፡ ስለኣ ዝተኸፍለ ዋጋን እተሰከመ ረዚን ሕድሪን ዘምልከት መደረ ኣቕሪቦም።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዝተረኽበት ወከል ቤት-ምኽሪ ቪክቶርያ - ጃል ሞርጋን፡ "ህዝቢ ኤርትራ ንሃገሩ ዘለዎ ፍቕሪ ንምርኣይ፡ ንኤርትራ ምኻድ ኣየድልን'ዩ" ክትብል፡ ኣብ ኣውስትራልያ ዝነብሩ ዜጋታት ኣብ ሓድሕዶም ንዘለዎም ጥምረት ከምኡ'ውን ምስ ሃገሮምን ህዝቦምን ንዘለዎም ምትእስሳር ብኣድናቖት ገሊጻ።

ኤርትራውያን ነበርቲ ፈረንሳ'ውን ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት በብከተማኦም ክካየድዎ ዝቐጸሉ ጽንብላት መበል 34 ዓመት ናጽነት፡ ብ31 ግንቦት ኣብ ልዮንን ሳን-ናዘርን ኣብ ዝወደብዎ ስነ-ስርዓት፡ ውፉይነቶምን ሓድነቶምን ብምድልዳል ሃገራዊ መደባት ንምዕዋት ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።


ደማም - ሰዑዲያ


ፈረንሳ


ኣውስትራልያን ኒውዚላንድን

## ጋሽ-ባርካ - ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ብደረጃ ዞባ ተኻይዱ

ሃማመተኤ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ "ሓይልና ውዳቡ ራኢና ልምዓት" ብዝብል ቴማ፡ ብ2ን 3ን ሰነ ብደረጃ ዞባ ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ኣካይዱ።

ዕላማ ናይ'ዚ ምስ መደባት ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት ተሳኒዩ ብደረጃ ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ቅነ ብለጽ ትሕዝቶ ዘቕረባ ንኡሳን ዞባታት ዝተሳተፍኦ ቅነ፡ ታሪኻውን ክብረታትን ብምውራስ፡ ከም ቅያ ናጽነት ቅያ ልምዓት ንምርግጋጽ ከምዝኾነ፡ ግዜያዊ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ዞባ ኣቶ ማርቆስ ግርማጼን ኣዘኪሩ።



ሓላፊ ክፍሊ ውዳበን ፖለቲካን ኣቶ ተኽለ ዘርኣ ብወገኑ፡ ኣብ'ቲ ብደረጃ ዞባ ዝተቓንየ ቅነ ውዳበታት፡ ኣብ መንጎ መንእሰያት ስፊሕን ሓድነትን ዝፈጥሩ፣ መንእሰያት ባህሎምን ታሪኾምን ንምውራስ ዝሕግዙ፣ ከምኡ'ውን መሃዚነትን ተበላሓትነትን ዘዕብዩ መሰናድኣታት ከምዝቐረቡ ብምጥቃስ፡ ኣብ ገለ ንኡሳን ዞባታት ዝተራእየ ዘይዕቱብነት ኣብ መጻኢ ክእረም ኣተሓሳሲቡ።

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመዲን ድማ፡ እቲ ሓይሊ ባህሊ ጉሊሑ ዝተራእየሉ ቅነ፡ ሓሳፍነት ብዘሰክም እዋናዊ ቴማ ምኻዱ ንዘመሓላልፎ ረዚን መልእኽቲ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምሕያል ውዳበታት ብወህደት ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ መንእሰያት ንዕቑር ባህላዊ ጸጋታት ናይ'ቲ ዞባ ዘጉልሕን ንቕነ ውዳበታት ድምቀት ዝወሰኽን ዕዙዝ ሱታፌ ምርግጋጾም ብምምጓስ፡ ምሕያል ውዳበ መንእሰያት ንዝተወሰኑ ኣካላት ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ኩሎም ኣካላት መንግስትን ኮምን ብዕቱብ ክሰርሑሉ ተላቢዩ።

ኣብ'ቲ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ዝተኻየደ ቅነ ውዳበታት፡ ንኡስ ዞባ ባረንቱ ብዘቕረበቶ ትሕዝቶታት ጉብለል ኮይና ተዓዊታ።

ዜና

# “ኣብ ብዝሒ ኣብያተ-ትምህርቲ ገዚፍ ዕብየት ተመዝጊቡ” ሚ/ትምህርቲ

“ትምህርቲ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ” ንምትግባር ኣብ ፈለማ ዓመታት ናጽነት ክተፈደ ብጽንዓት ጻዕሪ ብዝሒ ኣብያተ-ትምህርቲ - ካብ ቅድመ-ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ናይ 900 ሚእታዊት ዕብየት ከም ዘመዝገበ፡ ሰነዳት ሚኒስትሪ ትምህርቲ የረድኡ።

ብመሰረት’ቲ ሰነዳት፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 1991/92 ብሓፈሻ 214 ዝነበረ ቁጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/23 ናብ 1926 ደይቡ።

ብብደረጅኡ ምስ እንርእዮ፡ ኣብ’ዚ ዝተጠቕሰ ናይ ግዜ መቓን፡ 55 ጥራይ ዝነበረ ትካላት ቅድመ-ትምህርቲ ብ1,280 ሚእታዊት ክብ ብምባል ናብ 709 ክምዝዓበየ፡ 381 ዝነበረ ኣብያተ-ትምህርቲ መባእታ ብ282 ሚእታዊት ክብ ኢሉ 1,076 ከምዝበጽሐ፡ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ድማ ብልዕሊ 680 ሚእታዊት ዕብየት ብምርኣይ ካብ 65 ናብ 447 ከምዝበርኸ እቲ ሰነዳት የረድእ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣብ መጀመርታ ዓመታት ናጽነት 25 ጥራይ ዝነበረ ቁጽሪ ኣብያተ-ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ፡ ብ476 ሚእታዊት ክብ ብምባል 119 በጺሑ ኣሎ።

ቁጽሪ መማህራን ብዝምልከት፡ እቲ ሰነዳት፡ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ካብ 201 ናብ 1,977፣ ኣብ መባእታ ካብ 3,647 ናብ 12,110፣ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ካብ 783 ናብ 5,507፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ድማ ካብ 758 ናብ 3,472 ክብ ኢሉ ኣሎ።


ስእሊ-ኣርኪይቭ

# ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ከረንን ገለብን ተዛዚሙ

“ክእለትና፡ ፍልጠትናን ሞያናን ንሓፋሽ ህዝብና!” ብዝብል ቴማ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ከረንን ገለብን ክተፈደ ዝቐጸለ ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ተዛዚሙ።

እቲ ብ30 ግንቦት ኣብ ከረን፡ ብ31 ግንቦት ድማ ኣብ ገለብ ዝተኻየደ መደብ፡ ዓቕምታት መንእሰያት ዝፍትሽ ባህላዊ፡ ትምህርታውን ክለባውን ንጥፈታት ዝጠቓለለ ነይሩ።

ሓላፊት ሃማመተኤ ኣብ’ተን ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዘስምዕኦ ቃል፡ ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ኣካል ዓመታዊ መደባት ማሕበር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ምሉእ ዓመተ-ትምህርቲ ናይ ዝተኻየደ ንጥፈታት ወጽኢት ዝገምገመሉ መድረኽ ከምዝኾነ ኣብሪሃም።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ከረን ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ስልጠናታት ማሕበራዊ ሰነፍልጠት ክቕስሙ ዝጸንሑ ኣስታት 400 ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃታት፡ ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ ተመረቕም።



# ኣስመራ - ተመሃሮ ወፈራ ጽሬት ኣካዪዶም

ሎሚ ዓመት ናብ ሳዋ ዝወርዱ ተመሃሮ 11 ክፍሊ ቤት-ትምህርቲ ሰማእታት፡ ንሰራሕተኛታት ኣሃዱ ጽርየት ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጎጆረት ጉልበታዊ ደገፍ ገይሮም።

ኣብ’ቲ ብ 1 ሰነ ዝተኻየደ ወፈራ፡ ልዕሊ 2 ሽሕ ተመሃሮ ካብ ንግሆ ሰዓት 5፡00 ጀሚሮም ኣብ ከባቢ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሰታንታኣቶ፡ ማሰመር ጎጆረት - ጎዳይፍን ኢክስፖን ዝምስርዑ ዕዮ ከምዘሳሰሉ፡ ኣቦመንበር ኮሚቲ ትምህርቲ ኣቶ ዮናስ ገብረማርያም ሓቢሩ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ መዓልታዊ ብዙሕ ኣብ’ቲ ሰራሕ ዝተዋፈሩ ኣዴታት ዝሰላሰል ዕዮ ከቢድን ኣድካምን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ዘቤታዊ ጉሓፍ ብግቡእ ክወግድ ተላብዮም።

ሓላፊት ኣቓጣ ጽርየት ንኡስ ዞባ ጎጆረት ወ/ሮ ኣመት ካሕሳይ ድማ፡ ብተመሃሮ ንዝተገበረለን ጉልበታዊ ደገፍ ድሕሪ ምምስጋን፡ ካልኦት ኣብያተ-ትምህርትን ትካላት መንግስትን ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክወስዳ ተማሕጺና።

ኣብ’ቲ ዕለት፡ ን115 ሰራሕተኛታት ጽርየት ኣደታት፡ ብተመሃሮ ዝተገዝአ ሻል ተበርኪቱ።


ስእሊ. ዮናታን የዕብዮ

# ኣብ ዓዲ-ኳላ፡ ወፈራታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይሰላሰል

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ብተሳትፎ ህዝብን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣድማዒ ንጥፈታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ይሰላሰል ኣሎ።

በዚ መሰረት፡ ነብቲ 22 ምምሕዳራት ከባቢን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ኣብ ምስራሕ ቀናታዊ ዛላን ክትርን ኣብ ግርህን ማይ-ክዕያታትን ዘተኩረ መደባት ይዓሙ ከምዘለዉ፡ ወኪል ኢሪና ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪት ከባቢ ብወገኖም፡ እቲ ንጥፈታት ኣብ ምርጋእ መሬትን ምህብታም ትሕተ-ባይታዊ ማይን በቲ ሓደ፣ ዲጋታትን ረሃያታትን ካብ ደብዓት ንምክልኻል ድማ በቲ ኻልእ ዕዙዝ ኣበርክቶ ከምዘለዎ ገሊጾም።

ወኪል ሕርሻ ኣቶ ምሕረትኣብ ሃብቱ ብወገኖም፡ ዛጊት ኣስታት 105 ሄክታር ሕርሻዊ ዛላ ብሓመድ፣ ልዕሊ 300 ሄክታር ሕርሻዊ ዛላ ብእምኒ፣ 435 ሄክታር ክትሪ ከምኡ’ውን 456 ሄክታር ሕርሻዊ ዛላ ኣብ መገምገሚ ከምእተሰርሐን ከም እተጸገነን ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ወጽኢት ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣብ ምክልኻል ፍግረ-መሬት ብዝነበሮ ስለዝተረድኦም ብዓቢ ተገዳስነት ይደፍኡሉ ከምዘለዉ ሓቢሮም።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም | ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ | ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቍ.ሰ. 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡02 | ቆላሕታ |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | መደብ ቡያ |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | ዕላል ጥበባት |
| 14፡25 | ተክ ኢንሳይት |
| 15፡05 | ዶክመንት |
| 16፡05 | ፓኖራማ |
| 16፡30 | መደብ ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡18 | ካብ ሰነዳት |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 19፡10 | ፊዮሪና |
| 20፡00 | ዜና (ትግረ) |
| 20፡15 | ፊልም ክብረት |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡15 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22፡40 | እትመት ሰትተም |

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፈት ሓጐስ

## ቁጠባዊ እገዳ ከም ሓለንጊ

### 2ይ ክፋል

እገዳ ኣብ ጥንታዊት ግሪኽ ኣብ 432 ቅ.ል.ክ. ከም ዝጀመረ ይፍለጥ። መራሒ ፖለቲከኛ (statesman) ኣቴንስ ዝነበረ ፐሪክሊዝ፡ ብምኽንያት ጭውያ ሰለስተ ደቀ-ኣንስትዮ ምዕራብ ካብ ኣቴንስ ንትርከብ ከተማ መጋራ ክርደና (blockade) ወሲዱ። ብዙሓት ምሁራን ዝሰማምዕሉ ፈላሚት እገዳ ናይ ዘመናዊ መዋእል ድማ ኣብ መጀመርታ 19 ዘመን፡ ኣብ ናፖልዮናዊ ውግእ ዝተወሰደት'ያ። ካብ 1804 ክሳዕ 1815 ንጉስ ፈረንሳ ዝነበረ ናፖልዮን ቀዳማይ ቁጠባ ብርጣንያ ንምዕናን ኣብ ንግዳዊ ምንቅስቓስ ብርጣንያ ዝጸንዐ እገዳ ኣብ 1806 ኣንበረ።


እቲ ብኤውሮጳዊ ክርደና ዝፍለጥ እገዳ ኣገባቡ ንጹር ነበረ። ካብ ብርጣንያ ዝቐረባ መራኽብ፡ ፈረንሳ ኣብ ትቈጻጸሮን ወደባትን ግዝኣታትን ጸጊዑ ከራግፋን ተገዓዚዘ ከውርዳን ይኽእላ። ኣብ መንጎ ብርጣንያን ማእከል ኤውሮጳን ዝነበረ ምትእስሳር ከኣ ብዘርም መገዲ ተበቲኑ። ንግዲ ብርጣንያ ምስ ኤውሮጳ ኣዝዩ ኣንቈልቀለ። እዚ ግና ክፋል ናይቲ ዛንታ'ዩ። ምኽንያቱ ብርጣንያ ነቲ ክርደና ዘልዝብ ሜላ ቀልጢፉ ስለዝፈጠረት - ምእንጋፍ ንግዳዊ መስመራ ናብ ኣህጉር ኣመራ። ብዘወሰኸ፡ ጽልዋ ናይቲ ክርደና ንምልዛብን ንፈረንሳ ንምሽካዕን ድማ ብሰላሕታ ናብ ማእከል ኤውሮጳ ዘሰሉኽ መስመራት ፈጠረት።

ብርጣንያ ካብ ጸዕሩ ፍረ ረኸበት። ካብ 1805 ክሳዕ 1810 ናይ ሰደዳ ጠቕላላ ዋጋ ብልዕሊ 20 ሚኢታዊት ዓበየ። እዚ ቁጠባ ኤውሮጳ ብናፖሎንያዊ ውግእ ኣብ ዝሃስሉ እዋን ዝተረኸበ ዕቤት ኣዴናቒ ፍጻመ'ዩ። ብርጣንያ ድማ ዝተኣገዳ ሃገራት ከሸክፍን ጽልዋኡ ከልዝቡኦን ከም ዝኽእላ ብዮዝበሪ ኣርኣየት። እዚ ተመክሮ፡ ድሕሪ ክልተ ዘመን 'ውን እንተኾነ ኹ ይጠቅም ኣሎ።

ንጉስ ናፖልዮን ንብርጣንያ ዝወሰኖ ንግዳዊ ክርደና ሽዱሽተ ዓመት'ዩ ጸኒሑ - ንፈረንሳ እውን ይሃሲያ ከም ዝነበረ ክሳዕ ዝገዝዝቦ። በቲ ክርደና፡ ኢታዊታት ግምሩኽ ፈረንሳ ኸቢዩ ሰብ ደኳን ካብ ግዝኣታት ብርጣንያ ዝረኽብዎ ዝነበሩ ቀረብ ከም ብጉ፡ ካብው ወይ ሽርር ዝረኽብሉ መገዲ ንምንዳይ ፋሕተርተር በሉ። እዚ ምህሮ'ዚ ኣብዚ እዋን'ውን ጥቕሚ ዘለዎ'ዩ። እገዳ ዓለማ ንዘተግበረት ሃገር ጥራይ ዘይኮነ ዝሃሲ፡ ንታ ትእገድ ሃገር'ውን ዘይተገመተ ጽልዋ ክፈጥረላን ሳዕቤን ከምጽኣላን ዝኽእል ምዃኑ።

ኣብዚ እዋን፡ ኣመሪካ ረብሓኣ ንምውሓስ ትጥቀመሉ ንቡር ዲፕሎማስያዊ መሳርሒ ምእጋድ'ዩ። እቲ ዝፈኸሰ ንውልቀሰብ ዒላማ ዝገብር እገዳ ኮይኑ በቲ ውሳነ ኣብ ሃገራ ሃብቲ እንተሃልዩዎ ይድስክል። ናይ ባንክ ሕሳብ እንተሃልዩዎ ኣየንቀሳቕሶን። ናብ ኣመሪካ ክኣቱ ኣይፍቀዶን። ንውልቀሰብ ዝዓግት እገዳ ኣብ መራኽቢ-ብዙሃን ዝወዓውዖ ጉዲፍኑ ፋይዳኡ ድሩት'ዩ። ዕላማኡ፡ ምልክታዊ (symbolic) እዩ። ከምዚ ዝበለ እገዳ ዝግበረሎም ውልቀሰባት'ውን ኣብ ኣመሪካ ሃብቲ ዘይብሎምን ናብኡ ክኸዱ ዘይሕልኑን ኮይኖም ክጸንሑ ምርኣይ ልሙድ'ዩ። ብኣጠቓላሊ እዚ ዓይነት እገዳ ድራማ'ዩ።

እገዳታት፡ ኣመሪካ ኣጸዋራ ካብ ትገብሮ ንደሓር ኣብ መኸዘና ዘሎ ዓይነቱ ዝተፈላለየ እዩ - ኣብ ውልቀሰብ ዝጸጸር ጉዲፍኑ። ብዙሕ ግዜ ትጥቀመሉ ግን ንግዳዊ ክልከላ፡ ፋይናንሳዊ እገዳ (ብቐንዱ ካብ ተጠቀምቲ ዶላርን ዓለማዊ ስርዓተ ባንክን ዝኽልክል) ከምኡ'ውን ኣብ ጸላት ዘተኩር መቐጻዕቲ (ንዘተወሰነ ቁጠባዊ ጽላት ዓለማ ዝገብር፡ ንኣብነት ጉዳዪ ናይ ሓንቲ ሃገር) እዮም። እዚ ኣጸዋሪ ኣመሪካ ሽቶታት ወጻኢ ፖሊሲኣ ንምሽጓም ንእገዳ




ክትጥቀመሉ ኣብ ዝጀመረትሉ 1950ታት ኣይነበረን። ሽዑ፡ ኣዝዩ ፍሉጥን ንምርዳኡ ዝቐለለን ኣገባብ ማለት ንኹሉ ንግዳዊ ዝምድናታት ዝበትኽ ቁጠባዊ እገዳታት'ያ ትጥቀም ነይራ።

ንግዳዊ እገዳ ኣመሪካ ንኩባ

እቲ ኣዝዩ ፍሉጥ ምብታኽ ንግዳዊ ዝምድና ኣመሪካ ድማ ኣብ 1960 ብፕረዚደንት ድዋይት ኣይዘንሃወር ኣብ ልዕሊ ኩባ ዝተወሰደ'ዩ። እቲ ውሳኔ መራሒ ኩባ ዝነበረ ፊደል ካስትሮ ሰለስተ ኣብ ኩባ ንዳዲ ዘሎርያ ፋብሪካታት ኣመሪካ ናብ መንግስቲ ምስ ኣሲጋገረን ዝተወሰደ'ዩ። ቀንዲ ዕላማ ምምሕዳር ኣመሪካ ግና ሕነ ናይተን ናብ መንግስቲ ዝተሰጋገራ ትካላት ንምፍዳይ ኣይነበረን። ቀንዲ ዕላማ ኣይዘንሃወር፡ ኣብ ኩባ ንዝነበረ ስርዓት ምልዋጥ'ዩ ነይሩ። እታ ካብ ገምገም ፍሎሪዳ 160 ኪ.ሜትር ርሒቓ ትርከብ ደሴታዊት ረፓብሊክ ኩባ፡ ቀንዲ ብፃልቲ ኪዳን ሕብረት ሶቬት (ብዓንኮር መልክዑ ናይ ሎሚ ሩሲያ) ብምንባራ ንምምሕዳር ኣመሪካ ቅሳነት ኣይሃበን። ዲሰነት (communism) ኣብ ደቡብ ኣመሪካ ቅድሚ ምስፍሕፋሑ፡ ኣብ ኩባ ንዝነበረ ስርዓት ምቕያር ቀዳማይ ቀዳምነት ኣመሪካ ነበረ።

ኣብ 1959፡ ዝዓበየት ንግዳዊት መሻርኽቲ ኩባ ዝነበረት ኣመሪካ'ያ። ኩባንያታታ 73 ሚእታዊት ካብ ሰደድ ኩባ የህልኹ፡ 70 ሚእታዊት እታው ናይ ኩባ ድማ የቕርባ ነይረን። ንግዳዊ ክልከላ ኣመሪካ ግን ንኹሉ ብመጻብቦ ፍሎሪዳ ዝፍጸድ ዝነበረ ንግዲ በተኾ። መንግስቲ ኩባ ናይ እታው ጠለባቱ ዝማልኣሉ ንምንዳይ ፋሕተርተር በለ። ኣመሪካ'ውን እቲ ክልከላ ንኩባ ልዑል ወሽጣዊ ጸቕጢ ከም ዝፈጥረላ ትፈልጥ ነበረት። በዚ መንጽር፡ እቲ ክርደና ዝወዓዋዕ ዓወት ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ጸብጻብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከም ዘመልክቶ ድማ ካብ 1960 ክሳዕ 2018፡ ብሰንኪ'ቲ ክልከላ ናይ 130 ቢልዮን ዶላር ኣመሪካ ክሳራ ንኩባ ከም ዘጋጠማ'ዩ። ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ካብ 1992 ጀሚሩ ኣብ ዓመታዊ ኣኼባኡ ቁጠባዊ ክርደና ኩባ ከበቕዕ ዝጠልብ ውሳኔ ከሕልፍ እንከሎ ቀጺሉ። ናይ ተቓውሞ ድምጺ ዘሰምዓ ኣመሪካን እስራኤልን እየን። እቲ ቁጠባዊ ክሳራ ይቕጽል ኣሎ። ንግዳዊ ክልከላ ኣመሪካ ግና ኪኖ'ዚ ዝተጠቕሰ ቁጠባዊ ክሳራ ስርዓት ምቕያር ንዝበሃል ቀንዲ ሽቶኣ ክትጭብጥ ኣየኽኣላን።

እገዳ ኣመሪካ ኣድማዒ ዶ?

እዚ ብልክዕ ንምድህሃሱ ክቡድ ዝበሃል'ዩ። ምኽንያቱ ብዘይእገዳ ኩባ ከመይ ምኾነት ዝበሃል ብርግጽ ስለዘይፍለጥ። ኣመሪካ፡ ኣብ ኩባ ካብ ዘጸንዓቶ እገዳ ዝረብሓቶ'ውን ብጭብጢ ምርግጋጽ ኣጸጋሚ'ዩ። እንተኾነ ፊደል ካስትሮ ስልጣን ካብ ዝሕዝ (1959) ድሕሪ ሽዱሽተ ዕቑድ'ውን እንተኾነ ብሓደ ሰልፊ ዝምራሕ ዴሳዊ ስርዓት ኩባ ኣብ ቦታኡ ኣሎ።

ናይ ኩባ ስርዓት ክሳዕ ሕጂ ክጸንሕ ምኽኣሉ ብኸፊል ዘመልክቶ፡ ኩባ ንክልከላ ኣመሪካ ከተልዝቦ ምኽኣላ'ዩ። ንግዳዊ ክልከላ ምስ ተኣወጀ ምስ ሕብረት ሶቬት ዝነበራ ዝምድና ቀልጢፉ ኣዕሚቑቶ። ኣመሪካ ትሽዕሞ ዝነበረት ሽኮር ናብ ሕብረት ሶቬት ኣቐነዐ። ካብ ኣመሪካ ዝመጽእ ዝነበረ ጸዓት ብናይ ሕብረት ሶቬት ነዳዲ ተተክአ። ምስ ቻይና ዝተጀመረ ዝምድና ናብ ዝዓበየ ንግዳዊ ሽርክነት ተሰጋገረ - ማሽነሪታትን ሃለኽቲ ኣቑሑን ተቐርጺላ ቻይና ኮነት። በዚ መንጽር፡ ኣብ ኩባ ዝተገብረ እገዳ ዝረብሓሉ ሩሲያን ቻይናን እየን። ክልቲአን ሃገራት ቀንዲ ተጻረርቲ ኣመሪካ ብምዃነን ድማ ግርምቢጥ ይገብሮ።

ኣብ ልዕሊ ኩባ ዝተገበረ እገዳ ፍሹል ዝገብሮ ሓደ መረዳእታ፡ ዝምድናኣ ምስ ሩሲያን ቻይናን ምሕያሉ'ዩ። ካልእ፡ ኣመሪካ ንመሓዛታ ኣብቲ ዝወሰኖቶ ክርደና ክጸንበራ ከተእምን ዘይምኽኣላ'ዩ። እዚ፡ ኩባ ምስ ዝተረፋ ሃገራት ብዘይጸገም ንግዲ ከተካይድ ዘኽኣላ'ዩ። ካናዳ ካብ ዓበይቲ መሻርኽቲ ንግዲ ኩባ'ያ። ብሓፈሻኡ፡ ኩባ ምስ ኣመሪካ እንተዘይካይዱ ምስ ካልኦት ሃገራት ምትእስሳር ኣለዋ። ኣብ ዓለማዊ ቀረብ ሰንሰለት መደንገጽትን'ውን ዕዙዝ ተራ ኣለዋ።

ቀንዲ ዓወት ንግዳዊ ክልከላ ኣመሪካ፡ ኩባ ምስ ካልኦት ሃገራት ንግዳዊ ዝምድናኣ ከተዕሙቕ ዘተባብዐ ምዃኑ ኣየማትእን። እገዳ ኣመሪካ ንዝሰረተ ሽቶታት ኣየምጽኣን። ዝዩዳ ዘድምዕ ዝበሉቶ ቁጠባዊ ምንቀጓድ ንኽትህንደስ ከኣ ኣስታት 40 ዓመት ወሲዱላ። መፈተኒ ናይቲ ሓደሽ ኣገባብ ድማ ሰሜን ኮርያ ኮነት።

መወከሲ፡ BACKFIRE
Agathe Demarais

## ደገፍቲ ናጻ ንግዲ ካብ ዝብልዎ




ደገፍቲ ናጻ ንግዲ፡ ንናጻ ንግዲ ኣብር ዘይብሉ፡ ፍጹምን እንኮ ንግዲ ዝፍደሉ ኣገባብን ምዃኑ ይኣምኑ ጥራይ ዘይኮነ ኩሉ ሰብ'ውን ከምኦም ክኣምን ይደልዩ። ነዚ ንምስራጽ፡ ዝተፈላለዩ ሜላታት ይጥቀሙ። ንሎሚ ድማ ምስ ሞራላዊ ትርጉም ብምዝማድ ካብ ዝቐረበ መጉት ሰፊሕ ቀረብ ኣሎ።

ኣብ ናጻ ንግድን ፖለሲታት ታሪፍን ዘተኮረ ርእይቶታት ኣብ ዝፈሰሉ ብዙሕ ኣደነሆ ዘይግበረሉ ጉዳይ ኣሎ - ሞራላዊ ትርጉም ናይቲ ዝወሰን ታሪፍ። ምስ ምውሳን ታሪፍ ዝተሓላዘዘን ርእይቶን ኣብ ቁጠባዊ ክልሰ-ሓሳብ ዘዘለ እኳ እንተኾነ እቲ ውሳነ ምስ መሰረታዊ ክብርታት ኣመሪካ ከመይ ከም ዝጋጮ ምርኣይ'ውን ኣገዳሲነቱ ልዑል'ዩ። ሚልተን ፍሪድማን፡ "ኣመሪካ ክትክተሎ ዘለዋ ቅኑዕ መገዲ፡ ኩሉ ቀይድታት ብበይናዊ ተበግሶ ብምእላይ ነቲ ዝተረፈ ክፋል ዓለም፡ ምጹ ኣቑሓትኩም ኣብዚ ሽጡ። ንሕና'ውን ክሽጠልኩም ሕጉሳት ኢና።" ዝበለ ዘረባ ግሉጽ እዩ።

ናጻ ንግዲ ጭውነት'ዩ

ናጻ ንግዲ፡ መወከሲ ተፈጥሮኣዊ ጭውነት ኣመሪካ'ዩ። መንቀሊ እለቫ ናጽነት ኣመሪካ'ውን ሃረርታ ናጻ ንግዲ'ዩ። ብርጣንያ ካብ ንግዲ ዝርከብ መኽሰብ ብቐጥታ ናብ መሬታ ዝመልስ ጽኑዕ ቁጽጽር ዝነበሮ ንግዳዊ ፍልስፍና ተተግብር ነበረት። ብናቪጌሽን ኣክት' ዝፍለጥ ውሳኔ ናይ ግዝኣታታ ኣቑሑ ብናይ ብርጣንያ መራኽብ ጥራይ ክጓዓዛዝ ብርጣንያውያን ነጋዶ ጥራይ ክውንንዎን ዘገድድ ነበረ። ኣብ 1764 ዘወጽኦቶ ብሹጋር ኣክት' ዝፍለጥ ከምኡ'ውን ኣብ 1767 ዘወጽኦቶ ብ'ታውንሸንድ ኣክት' ዝፍለጥ ኣዋጃት፡ ግዝኣታታ ምስ ካልኦት ሃገራት ንግዲ ከየካይዳ ዝድርት ተወሳኺ መምርሒ ነበረ። እቲ ንምቛም 'ቦስቶን ቲ ፓርቲ' ድርኺት ዝፈጠረ ብ'ቲ ኣክት' ዝፍለጥ መምርሒ ድማ ኣብቲ ናይቲ ንመሰል ግዝኣታታ ዝጥሕስ ፖለሲታት'ዩ። እቲ ኣዋጃት፡ ብስርዓተ ቀረጽ ብፍላይ ከኣ ብታሪፍ ንቁጠባዊ ናጽነት እተን ግዝኣታት ዝድርት ብምንባሩ ሰውራዊ መንፈስ ንኽውላዕ ዝደረኸ'ዩ - መሰረት እወጃ ናጽነት ብምንጻፉ።

ኣብቲ ናይ ናጽነት ኣዋጅ፡ ንናጻ ንግዲ ዝምልከት ምሕጻንታ ምስቲ ንሰብኣዊ ናጽነት ዝምሕጻን "ህይወት፡ ሓርነት፡ እለቫ ንሓጎስ" ዝብል ሓረግ ብፈጣሪ ከም ዝተዋህበ ዘይገሃስ መሰል'ዩ ተመልኪቱ። ኣዎን ናጻ ንግዲ ድማ ኣብቲ መሰል ንሓርነት ዝብል ተሓቑፉ። ናጻ ንግዲ፡ ኣካል ናይቲ ክእለትና ተጠቒምና ገንዘብ ንምርካብን ነቲ ገንዘብ ግቡእ'ዩ ኣብ ዝበልናዮ ንምህላኹን እዝሪዩ ንጥሪት'ዩ። እቲ ገንዘብ ናይ ምምእራርን ምህላኽን ንጥሪት ሕጋዊ ማዕረት ክህልዎ፡ ብዘይ ኣልያ ወይ መምርሒ መንግስቲ ክቅደድን ድማ ናጻ ንግዲ ሓጊዚ'ዩ። ናይ ንግዲ ናጽነት ሓጎስ ንኽንሰልሽውን ይፈቕደልና'ዩ። ስለዚ ቁጠባውን ፖለቲካውን ናጽነት ተሳሒኡ ክኸበር የድሊ።

ኣዳም ስሚዝ፡ ባህርን ምንጭን ሃብቲ ሃገራት (ነዚ ዝምልከት ጽሑፍ ኣብ መበል 34 ዓመት ቁ214 ሕታም ሓዳስ ኤርትራ ናይዚ ዓምዲ ምምልካት ይከኣል) ኣብ ትብል መጽሓፉ፡ ኣብ ናጻ ንግዲ ክስተፍ ዝኽእል ፍጥረት ሰብ ጥራይ ምዃኑ ይምጉት። እዚ ፍሉይ ክእለት፡ ቁጠባዊ ዝምድናታት ዘበኑ፡ ናይ ምትእምማን ዝምድና ዝሃንጽን ባህላዊ ልውውጥ ዘሰልጥን እዩ። ደቂሰብ፡ ኣብ ንግዳዊ ጸምዶ ብምስታፍ ጠቓሚ ምህሮ ክረኽቡ፡ ባህላዊ ሓጹራት ክጥሕሱን ሰብኣዊ ኸጋኦ ክድርኹን ይኽእሉ። ብባህሩኡ ናጻ ንግዲ መቐጸልታ ሰብ ናይ ምዃንን ኣብሽኻምወናንን ኮይኑ ሓባራዊ ዕቤትን ምትሕግጋዝን እናኸሰሰ ውልቃዊ መንነትካ ክትገልጽ ዘኽእል'ዩ።

ታሪፍ ሓደ መዳይ ናይ ምእካል ቁጽጽር ንሰብኣዊ ማሳለት'ዩ

ታሪፍ፡ ሰብኣዊ ናጽነት ናይ ዝጥሕስ ምእካል ቁጽጽር ሓደ ኣብነት'ዩ። መንግስቲ ብእታው ንዝመጽእ ኣቕሓ ቀረጽ ክኸፍል እንከሎ መሸጢ ዋጋ ናይቲ ኣቕሓ ከም ዝወሰኽን ወሰንታዊ ድርኺት ቀረብን ጠለብን ክዛባዕ ዝገብር'ዩ። እዚ ምትእትታው፡ ብዕዳጋ ዝወሃብ ኣመት ዝልወጥን ግቡይ ጠለብ ዝፈጥርን እዩ - ንኣብነት መንግስቲ ኣብ ተሓዲሲ ጸዓት ወይ ጥዑና መተባብዒ ምስ ዝህብ ምርጫ ንምህሮ እዩ ዘጥፍኦ።

ታሪፍ፡ ሓበሬታን ኣንፈትን ዕዳጋ ዘዙብዕ'ዩ። ምዙባዕ ዕዳጋ ድማ ዓድግቲ ባህርያቶም ክልውጡ ይደርኽ - ምውሳኽ ዋጋ ናይቲ ብእታው ዝመጸ ኣቕሓ መጠን ሃላኺ እኖት ዓድግቲ ስለዘዀብን ምርጫታቶም ስለዝደርትን። እዚ ድማ ነቲ መሰረታዊ ዝኾነ ሰብኣዊ ናጽነት ዘቋስስ እዩ። ታሪፍ ንቀረብን ጠለብን ብቐጥታ ብምጽላው ዓድግቲ ኣብ ወሽጢ ሃገር ዝፈረያ ኣቑሑ ክዕድጉ ወይ ነቲ ልዑል ዋጋ ክጻወሩ ዘገድድ ብምዃኑ ፈለጣዊ ናጽነት ዝድርት'ዩ።

ምእካል ኣገባብ ወሳኒ ምርጫ ውልቀሰባት መንግስቲ ይሓዩሽ ናብ ዝሓለ ብምድራት ንሰብኣውነት ዘሉእስ'ዩ። ተረርቲ ሕግታትን ቁጽጽርን ጸሮዲ ወሰናት ጉጅለታት ምስ ዝኸውን ድምጺ ካልኦት ዕሽሽ ይብሀል። እቲ ውልቃዊ ሰብኣውነት ድማ ተሓዚኡ ብመንግስቲ ናይ ዝምራሕ ቀዳምነታት ይኸውን።

ተሳትፎ መንግስቲ ኣብ ዕዳጋ ንዘሎዋወጥ ኩነታት ክትንበን ክርዕምን ዘይክእል ምዃኑ መርኣያ ድሩትነቱ'ዩ። እቲ ናይ ምትዕጽጻፍ ባህሪ ዘይብሉ ምእካል መንግስታዊ ፕሮግራማት ድማ ትጽቢት ዘይተነበረሉ ፍጻመ ምስ ዚጋጥም ምልዙብ ናይቲ ዝዓበ ቁጠባዊ ነውጺ ናብ ህዝቢ'ዩ ዝደፍእ። መንግስታዊ ምትእትታው ነቲ ብዝተፈጥሮኡ ኣብ ውልቀሰባት ሓባራዊ ረብሓን ምትእምማንን ዘበኢ ወሰንታዊ ፍኑው ስርዓት ዕዳጋ ዝዘርግ'ዩ። ሚልተን ፍሪድማን ድማ ኣዚ ስምዒት፡ ቁጠባዊ ናጽነት ዘይፍለ ኣካል ውልቃዊ ናጽነት'ዩ ብመንግስቲ ዝወሰነ ታሪፍ ድማ ናይ ዕዳጋ ጥቕውና ዝኽሊ ጥራይ ዘይኮነ ሞራላዊ መሰረት ናይ ናጻ ሕብረተሰብ ዝበሕጉግ'ውን ኢሉ ይገልጽ።

ብሓፈሻኡ፡ ታሪፍ ኣብ ቁጠባዊ ተግባራት ዋኒን ምእካል ቁጽጽር ብምውሳን ምስ መሰረታውያን ክብርታት ኣመሪካ ማለት ንዝርእሰኻ ምውናን፡ ብሕታዊ ዋንነት፡ ናይ ምትዕድዳግ ናጽነትን ሰብኣዊ ክብረትን ዝጋሮጭ እዩ።

# መልእኽቲ ካብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን



ሽባብ
ሃማመተኤ

ጉዳያት

# ልዑል ብቕዓትን ተወፋይነትን ዝጠልብ መድረኽ መኸተ ልምዓት

መጽሔት መንእሰይ

ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ምስ ኩሎም ናይ ቀረባን ርሑቕን ህዝብታትን ሃገራትን ናብ ልምዓትን ዕብየትን ዝቐንዐ ጥዑይን ምዕሩይን ሽርክነት ንምፍጣር ብርቱዕ ባህጊ ኣለዎም። እንተ ኾነ ምስ ግሎባዊ ሕሳባት ዓበይቲ ሓይልታት ተኣሳሲሩ፡ እዚ ባህጊ'ዚ ዛጊት ከምቲ ዝድለ ክሰምር ኣይከኣለን። ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ተነጽሎ ንምሕጻርና ሰፊሕ ናይ ምስይጣን ዘመተ ክካየድ፡ ብዝተፈላለየ ቁጠባውን ጸጥታውን ሽርሕታት ልምዓትና ናይ ምሕናቕ ሃቐነታት ጸኒሑ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ግን ንኹሉ ማሕለኻታት ፈንጢስና ብምውጻእ ናብ ሓድሽ መድረኽ ክንሰጋገር፡ ርክባትና ብደረጃ ኣህጉርን ዓለምን ከነስፍሕን ኣቓልቦ ኣውፈርቲ ክንስሕብን ክኢልና ኣሎና።

ኣብዚ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ እንሰጋገረሉ ዘለና መድረኽ መኸተ ልምዓት፡ መንእሰያት ዝሓለፈናዮ ታሪኽ ተመሊስና ክንጥምት፡ መጻኢና እንታይ ክመስል ከም ዝኽእል ብወድዓውነት ክንመዝን ኣገዳሲ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ ዝሓለፈ ጽንኩር መድረኽ፡ እልቢ ዘይብሉ ተጻብኦታት፡ ዉዲታት፡ ዘመተ ምስይጣንን ተነጽሎን ከየንበርከኾ፡ ዕውት ኮይኑ ክወጽእ ዝኽኣሎ ዝዓበየ ረቛሒ፡ ሓድነቱን ስምረቱን ተወፋይነቱን እዩ። "ብዕራይ ናብ ዘበለ የብል፡ ዕርፊ ኣጽንዕ" ከም ዝበሃል፡ ብንቕሓትን ምስትውዓልን፡ ኣብ ጎድኒ መንግስቱ ገጥ ኢሉ፡ ጸግዕን ዘራይን ከይደለየ፡ ጎድኒ ጎድኒ ፖለቲካውን ወተሃደራውን መኸተኡ፡ ልምዓታውን ቁጠባውን ስርሑ እውን ከየወንዘፈ፡ ብገዛእ ዓቕሙ ተዓዊቱ ክወጽእ ክኢሉ ኣሎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ታሪኻውን ፖለቲካውን ጉዕዞ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክልውጦን ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ከሰጋግሮን በቒዑ እዩ።

እዚ ተኸሲቱ ዘሎ ሓድሽ ምዕራፍ እምበኣር፡ ውጽኢት ናይቲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰይ ኤርትራ ድማ ብፍላይ፡ ከቢድ ቃልሲ ዘካየደሉ፡ መስዋእቲ ዝኸፈለሉን፡ ብዙሕ ዕድላት ዘጥፍኣሉን እዩ። ኣብቲ ዝሓለፈ ዓቕሊ ዝፈታተን ናይ ድርብ መኸተ እዋን፡ መንእሰይ ኤርትራ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት፡ ማለት፡ ኣብ ምክልኻል ልኡላውነት ሃገርን ልምዓታዊ ስራሕን ቅድመ ግንባር ተሰሊፉ፡ መሪሕ ግደ ተጻዊቱ እዩ። ሞራላዊ ብቕዓቱን ሃገራዊ መንፈሱን ንምድኻም፡ ጥምረቱ ንምዝራግን ንምብትታንን ዝተኣልመ ወዲታት ዋጋ ኣልቦ ብምግባር፡ ሳላ ዘይግቡዝ ስርሑን ረብሓ ሃገር ዘቐድም ተወፋይነቱን፡ ቀዳማይ መንጸፍ ልምዓት ንምውዳድ ብዙሕ ጽዒሩን ሃሊኹን እዩ። እቲ ከም ውጽኢት ውፉይ ጻዕሪ መንእሰያትና ምስናይ ኩሉ ተጻብኦታትን ድሩትነት ጸጋታትን ክዕመም ክኢሉ ዘሎ መንጸፍ ከኣ፡ ኣብዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽን ትስፉውን መድረኽ፡ ንስሉጥ ገስጋስ ድልዱል ሰረት ኮይኑ ከምዘገልግል ፍሉጥ እዩ።

እዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ መድረኽ መኸተ ልምዓት ፍልይ ዝበለ ኾይኑ፡ ክሽፍቶ ዝኽእል ዕድላት ምሒር ገዚፍ እዩ። እቲ መገዲ ግን ጻሕ ዝበለ ጎልጎል ኣይኮነን። ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ዘሎ ዘይርግኣትን ቅልውላዋትን ብመጠኑ ከምዝጸልወና ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ስለዚ ድማ፡ ትኾረትና ሕጂ እውን ክልተ ዝኣንፉ'ዩ። ነቲ ብቓልስናን መስዋእትናን ዘረጋገጽናዮ ሰላም ብትኩርነት እናሓለና፡ ብቕልጡፍ ቁጠባዊ ዕብየትን ልምዓትን ንምድርዕ ክንጓየ የድልየና።

ኣብ ቅድመና ተገቲሩ ዘሎ ዕድላት ኣብ ረብሓና ከነውዕሎ ቅድም ቀዳድም ናይ ህዝቢ፡ ብቐንዱ ከኣ ናትና ናይ መንእሰያት ንቕሓትን ድልውነትን ኣገዳሲ እዩ። ኩሉ ነገር ተወዲኡ'ዩ፡ ሰላም መጺኡ'ዩ ኢልና ረማዕ ንብለሉ ግዜ ኣይኮነን። ንኹሉ እንተታት ናይ ወትሩ ድሉውነትና ኣብ ቦታኡ ኾይኑ፡ ስራሕናን ገስጋስናን ብሕልፊ ኣብ ልምዓታዊ መዳይ ዝቐልጠፈ ክኸውን የድሊ። ጸገማት ተወዲኡ'ዩ ኢልና እንዛነየሉ መድረኽ ዘይኮነ፡ ብዝያዳ ሓይሊ ክንሰርሕ ኣብ ዘድልየና እዋን ኢና ንርከብ ዘለና። ሕጂ እውን ብስራሕና ዝበለጸን ንሓዋሩ ዘተኣማምንን ኵነት ክንፈጥር ዕዮ ገዛ ኣለና። እዚ ሓድሽ መድረኽ መኸተ ልምዓት ነቲ ዝተኸስረ ዕድላት ብምምላስ ኣንዊሕና ንምስጓም ናህሪ ዝጠልበና እዋን እዩ።

ኣብዚ ሓድሽ መድረኽ መኸተ ልምዓት'ዚ፡ ኣብ ኩሎም ጽላታት፡ ብዓቕምና ኮነ ምስ መሻርኽቲ ጸሚድና ክነተግብሮ ዝግብኣና ብዙሕ ስራሕ ይጽበየና ኣሎ። ምስፋሕን ምምዕባልን ኣገልግሎት ወደባት፣ ህንጸት ስትራተጂያውያን መስመራት መጓዓዝያ ምድርን ሓዲድን፣ ምሕያልን ምስፋሕን መጕዓዝያ ባሕርን ኣየርን፣ ምምዕባል ሕርሻዊ ንጥፈት፡ ቱሪዝማዊ ትሕተ-ቅርጽን ህንጸት ኣባይትን፣ ምትእትታው ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ምሕደራን መራኸቢታትን፣ ምምዕባል ፋይናንስያዊ ትካላት፣ ምምዝማዝ ዝተፈላለዩ ማዕድናዊ ጸጋታት ወዘተ. ገለ ካብቲ ክጥቀስ ዝከኣል እዩ። ነዚ ድማ፡ መንግስቲ ምስ መሻርኽቲ ጸሚዱ ክሰርሓሉ ሰፊሕ መደብ ሒዙ ይንጥፈሉ ኣሎ።

ብብድሆታት ጀሆ ከይተታሓዝና፡ ንቁጠባዊ ዕብየት ባይታ ዝምድምድ ወሰንቲ መደባት ልምዓት ብውሽጣዊ ዓቕምና ክንትግብር ጸኒሕና ኢና። እቲ በብቕሩብ ክድለብ ዝጸንሐ ዓቕምን ብመጠኑ ዝተዋህለለ ገስጋስን፡ ነዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ መድረኽ መበገሲ ዝኸውን ብዙሕ ዕማማት ከነቃልል ኣኺኢሉና እዩ። በቲ ዛጊት ዘተግበርናዮ ብዙሕ ጎድናዊ መደባት ልምዓት፡ ማይ ናይ ምውህላል ዓቕምና ከም ዝዓቢ፡ ኣብ በበይኑ ከባቢታት ሃገር፡ ሕርሻዊ ጸጋታትና ብብቕዓት ክንምዝምዝ ዝኽእለና ባይታ ከነዋድድ ክኢልና ኢና። ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ብዝተገብረ ገዚፍ ወፍሪ ድማ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት፡ ብዝተፈላለየ ሞያታት ከነሰልጥን ክኢልና ኣለና።

ኣብዚ ሓድሽ መድረኽ መኸተ ልምዓት እምበኣር፡ ከም ህዝብን ሃገርን ኣብ ጎደና ዕብየት ብዓወት ንምምራሽ፡ ብደረጃ ዞባን ዓለምን ተወዳደርቲ ንምዃን፡



መንእሰያት፡ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ዝበለጸ ዓቕሚን ብቕዓትን ምውናን ከድልየና እዩ። ከመይሲ ብቕዓት ሕብረተሰብ ብቐንዱ ኣብ ብቕዓት መንእሰይ እዩ ዝምርኰስ። ንቑሕን ብቑዕን መንእሰይ ዘይሓዘ ሕብረተሰብ፡ ምዕባለ ከረጋግጽሲ ይትረፍ፡ ብህይወት ክሰርር እውን ንጋዳ ምዃኑ ዝሓለፈ ጉዕዞና ብግብሪ ኣርእዩና እዩ።

ቀንዲ መግለጺ ብቕዓት መንእሰይ፡ፍልጠትን ሞያን እዩ። ዘመን ዝጠልቦ፡ ፍልጠትን ሞያን ክእለትን እንተ ዘይብልና፡ እዚ ሓድሽ መድረኽ ዝፈጥሮ ርሒብ ዕድላት ኣብ ረብሓና ከነውዕል ክንሽገር ኢና። ኣካዳምያውን ሞያውን ፍልጠት ጥራይ ዘይኮነ ግን ንፍልጠትን ሞያን ናብ ተጨባጢ ዕዮ ዝቕይር ጽኑዕ ዲሲፕሊን፡ ናይ ስራሕን ጻዕረኛነትን ባህልን ክብርታትን ኣገዳሲ ዕጥቂ እዩ። ኣብዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ መድረኽ እምበኣር፡ ኣተኩሮ መንእሰያት ብቐንዱ ኣብ ምሕያል ብቕዓትን ናይ ስራሕ ባህልን ክቐንዕ ኣለዎ። መንእሰያት፡ ኣብ ቅድመና ዘሎ ብሩህ መጻኢን ሰፊሕ ዕድላትን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብቕዓትና ክብ ብምባል ንጡፋት ተዋሳእትን ረባሕትን ናይዚ ሓድሽ መድረኽ ክንከውን የድሊ። ነዊሕ ኣብ ዘይኮነ ግዜ፡ ሰፊሕ ዕድላት ስራሕ ክኽፈት ምዃኑ፡ ብሩህ ከም ማይ ንግሆ እዩ። በቲ ዝፍጠር ሰፊሕ ዕድላት ከኣ፡ ዝያዳ ረባሕትን ተጠቀምትን መንእሰያትና ኢና። ነዚ ብምግንዛብ እምበኣር ተቐልቂሉ ዘሎ ባና ትስፉው መጻኢ ንምድማቕ፡ ከም ወትሩ መሪሕ ግደና ክንጻወት መድረኻዊ ተልእኾና እዩ።

ሃገርና እትርከቦ ጂኦግራፊያዊ ከባቢ፡ ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ቦታ ናይ ዓለምና'ዩ። ኣብቲ፡ መትኒ ቁጠባውን ንግዳውን ንጥፈት ዝኾነ ማያዊ መስመር ዓለምና፡ ልዕሊ 1200 ኪ.ሜ. ገማግምን ልዕሊ 350 ደሴታትን እንውንን ህዝቢ ኢና። ኣብ ኩሉ ጽላታት፡ ኣውራ ኣብ ዕደና፣ ሕርሻ፣ ጸዓት፣ ጸጋታት ባሕሪ፣ ኣገልግሎት ወደባት፡ መጓዓዝያን መራኸቢታትን፣ ኢንዱስትሪን ቱሪዝምን፣ ኣገልግሎት ፋይናንስ፣ ናጻ ዞባ ንግዲን ካልእን ገና ዘይተመዝመዘ ገዚፍ ጸጋታት ኣለና። ካብ ኩሉ ዝዓበየ ጸጋና ድማ፡ ብበሪኽ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ስጡም ሃገራዊ ሓድነትን፡ ተሪር ፈተነ ሓሊፍና ዘውሓስናዮ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ልዑል ማሕበራዊ ስኒትን እዩ። ብሃገራዊ ኣገልግሎት ሃኒጽናዮ ዘለና ውዳበን ዲሲፕሊንን ድማ ነዚ ትዕድልቲ'ዚ ዝድርዕ ተወሳኺ ጸጋ እዩ። ኣብ ርእሲኡ ሓልዮት ህዝብን ሃገርን ዝሰምዖ፡ ንልምዓትን ምዕባለን እተወፈየ ሓላፍነታዊ መንግስቲ ኣለና። እዚ ባህርያዊ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን ብልጫታት ብኣድማዕነት ኣብ ረብሓናን ረብሓ መሻርኽትናን ከነውዕሎ እምበኣር፡ ድልውነትና ናብ ዝለዓለ ጽፍሒ ክነዕርጎ የድሊ።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ፍረወይኒ በየነ ወልደጊዮርጊስ፡ ብዋል ቤተይ ብርሃ ተስፋይ ገብረእግዚኣብሄር ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቅና ከአ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ በናት በሽር መሓመድ ምባል ተረፉ፥ በናት በሽራ ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ማሳል መሓሪ ገ/ሄር ምባል ተረፉፍዮሪ መሓሪ ገ/ሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የናስ በሪህ መካነ ምባል ተረፉ፥ ድረር በሪህ መካነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ሳሊም ወልደሚካኤል ጊላሚካኤል ምባል ተረፉ፥ ውዛቢት ወልደሚካኤል ጊላሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊት መድሃኔ ፍስሃጽዮን ምባል ተረፉ፥ ማርስ መድሃኔ ፍስሃጽዮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ደርጋኣለም ኣድሓኖም ገ/ሂወት፡ ኣሞይ ሂወት ተስፋማርያም ሰንጋል ስለዝዋረረት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ክሱሲ ካሓሰ ምሻሽ በርሀ፥ ተኸሳሲት ሃይማኖት ብሰራት መጀኹ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዝኾነ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፥ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ፍታው ኣስመሮም ማእከለ ምባል ተረፉ፥ ፍትሓዊት ኣስመሮም ማእከለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

መሓመድኑር ሑሴን መ/ዒሊ ምባል ተረፉ፥ መሓመድኑር ሓሰን መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ ጥኑኢ ተስፋሚካኤል ትኳር፡ ብዋል ቤተይ ክብሮም ረዳ ጸጋይ ስለዝዋረረ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንሱራ

ወ/ሮ ጸገወይኒ የማነ ሃይሉ፡ ብዋል ቤተይ ወልደኣማኑኤል ምስየስ ተኪኤ ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ



ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8፡00 – 12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፡00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቑ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ!!!

ወ/ሮ ሳምኣል ተስፋሚካኤል ጉብሩ +4፣ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/02 ጎደና “ሐ” ቁ/ገዛ 58 ዞና ሓዝሓዝ ሎታ ቁ.10 ፓርሰል “ኤፍ” ስፍሓቱ ኣብ 107.25 ት/ሜ ተደኲኑ ዝርከብ 4 ክፍሊ ገዛ 1ዓይኒ ምድሪ 1 ክፍሊ ሞንጎ ዘለዎ፡ ብስም ነ/ሄር ሃይለ ማሌል ብርሃ ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ፥ ናብ ስም ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለ ዝሓትና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር።

ወ/ሮ ሳምኣል ተስፋሚካኤል ጉብሩ +4

ብስም ዑቕበ ተኽለ ጉብሩ፥ ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሰምበል ዚፕ ኮድ 1A861 ፕሎት 248 ፓርሰል N ስፍሓት መሬት 460 ት/ሜትሮ G+1 ዝኾነ መንበሪ ገዛ፥ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር 1፡006284 ብዕለት 06/06/2011 ዓ/ም ዝተመዝገበ፥ ናብ ስም ዓዲጋይ መድሃኔ ሃብተ ኣርኣያ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ’ውን ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ ምስ ዘይቀርብ ግን ጉዳየይ ከፈጸም ምዃነይ ኣፍልጥ።

መድሃኔ ሃብተ

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገዛ ጥንዳ ከብቢ/ዚፕ ኮድ 1A756 ጎደና ሻዜጉ ቁ.ገዛ 59 ፕሎት 298 ቁ.ፓርሰል ዞን ASP00002494 ፓርሰል C፣ ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ፣ ተራ ገዛ ቀንዲ ክፍሊ 4 ተሓጋጋዚ ክፍሊ 2 ዝተደኰነ፡ ሕጂ ማለለይ ቁ.ንብረት 1፡004538/2 ብስም ጳውሎስ ወልደገብርኤል ባይራይ ዝተመዝገበ ብሀያብ ዝረኸብክዎ፡ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝሓትኩ፣ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ’ውን ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኳይኑ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ብምሓዝ ጉዳየይ ከውድእ ምዃነይ እሕብር።

ዑቕባማርያም ጳውሎስ

## ቦቺዮፊላ ማዕረጋ ትጽበየኩም ኣላ

ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንእትርከቡ መላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻልን ርሑስ ቀንያት በዓል ናጽነት እናበልና፥

እነሆ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ፒዝርያን ፋስት ፉድን ኣብ ቀረባ እዋን ስርሑ ዝጀመረ ኮይኑ፥ ብክኢላታት ከሻና ዝዳሎ ናይ ቁርስን ምሳሕን ድራርን ከም በርገር፥ ፒሳ፥ ፓስታ፡ ከምኡ’ውን ተዛራፊ ባህላዊ መግቢ ከም ሽሮ፥ ቋንጣ፥ ጻሕሊ ጥብሲ ክትፎን ካልእን ብዘወናኽ፥ ጽማቕ፡ ወዐይን ዝሑልን መስተ፡ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ከእንግደኩም ድሉው ምህላዉ ብሓጎስ የበስር።

መዓስ እዚ ጥራይ፥ ንመርዓ፥ ቁርስን ድራርን ንዓመት ቀልዑን ንእስ ዝበለ ግብጃታትን ብርትዓዊ ዋጋታት ከማልኣልኩም ድሉው ኣሎ።

ቦቺዮፊላ ፒዝርያን ፋስት ፉድን ኣብ ዝደለኹሞ ሒዝኩሞ ትኸዱ ቴክ ኣወይ ጠለብት እውን ኩዳሉ ድሉው ኣሎ። ትካልና መኪይን ዝዕሽጋሉ ቦታ ዘለዎ ብምዃኑ’ውን ካብቲ ካልእ ብልጫኡ እዩ።

### ኣድራሻና፦

ማእከል ከተማ ከባቢ ኮሚሳርያቶ ሓማሴን ጎኒ ሞድካ ካፌ።

ቁጽሪ ቴሌ፦ 07146551 ወይ 07209233




ብደሓን ምጹ!!!
ቦቺዮፊላ ፒዝርያን ፋስት ፉድን
ርሑስ በዓል ናጽነት!!



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ሽዊት ጆቫኒ መሓመድሳልሕ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ፊልሞን መሉጌታ ፍትዊ ናይ ሞግዚትነት ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን3/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.32 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብ መንነ ኣመልካቲ ኣቶ ተኸስተ ሃይለ ገዘሀይን፡ ተጸዋዕቲ 1.ኣስቴር ተኸስተ ሃይለ 2.ቢንያም ተኸስተ ሃይለ ዘሎ ናይ ስም ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ተጸዋዒ ቁ.2.ቢንያም ተኸስተ ሃይለ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን1/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ተኸሰስቲ ወ/ሮ ግደይ ገብረወልዲን ኣቶ ተስፋት ተኽለይን ተተካኢ ናይ ስወእ ተኽለ ገብረወልዴ፡ ብኸሳሲ ኣቶ ክፍለ ገብረወልዲ ንስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን10/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣቶ በረኸት ተወልደ ሃይሉ፡ ኣዴና ዛይድ መሓራይ ግደይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ሰላስ ገብረሂወት ዑቕባይ ምግል ተረፉ፡ ሰላም ገብረሂወት ዑቕባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ንግስቲ ተኽለ ተስፉ፡ ብዓል ቤተይ ቴድሮስ በርሀ ሓደገ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ተጋ/ፍቓዱ መለስ ገብረስላሴ፡ ኣደይ ቅዱሳን ጉቡሩ ገዘሀይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

መርየም ነጋሽ ሓጎስ ምግል ተረፉ፡ ርሻን ነጋሽ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ሄኖክ ክብሮም ሰጊድ፡ ተኸሳሲ ንጉሰ ኣስፍሃ ወልደገርግሽ፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን4/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ብፍ/በ/መሰል ሓሰን ሰይድ ሓሸም ብፍ/በ/ዕዳ ቻይና ኣፍሪቃ ሃዋቢል ኢንቨስትመንት ካምፓኒ፡ ንናይ ፈጸሚ ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን7/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ቤትኤል ተሰማ፡ ብዓል ቤተይ ቶማስ ተኽሉብርሃን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሳባ ኣበራ ይማስገኑ ብዓል ቤተይ ጴጥሮስ ተስፋልደት ጊላሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣደሻ ኣስፍሃ በርሀ፡ ኣደይ ነሃር ኣቦ በርሀ ሓጎስ ንዓይን ን3 ደቂ መወትቲ ሓብተይን ዝበደፈትልና ንዝ ዝምልከት ለበዋ ይጽደቐልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣሙተሚካኤል ሃብተስላሴ ሚካኤል ምግል ተረፉ፡ ጸጋ ሃብተስላሴ ሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምሕረትኣብ ክፍለ ሃይሉ፡ ኣቦይ ክፍለ ሃይለን ኣደይ ኣስመረት ቀሺ ፍስሃን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ኣሰኩሉ ወልደትንሳኤ በራኺ፡ ብዓል ቤተይ ታደሰ ተስፋልደት ፍጡር ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ኣብርሃም ዑቕባጽዮን ነጋሲ፡ ኣቦና ዑቕባጽዮን ነጋሲ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 14 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፍርቱና ክፍሉ ተወልደ ምግል ተረፉ፡ ፍርቱና ክፍሎም ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሊድያ ስምኦን ብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ተመስገን ክስተ ወልዱ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወሉዱ ድማ ወረሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ውዳስ መብራህቱ፡ ብዓል ቤተይ ፍቓዱ ርእሶም ነጋሲ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ናርዶስ ተኽለ ክስተ ምግል ተረፉ፡ ዊንታ ተኽለ ክስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኡራኤል ኣብርሃም ተከስተ ምግል ተረፉ፡ ሱራፌኤል ኣብርሃም ተከስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ርግበ ተኽለኣብ፡ ብዓል ቤተይ ሃብተስላሴ ሃብተማርያም ካሳ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ከሳሲት ወ/ሮ በዘነ ታፈረ ሃብትዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ገብረእግዚኣብሄር ገብረሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን3/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ውዳስ ተስፋማርያም ሓጎስ፡ ብዓል ቤተይ መሓሪጺጋይ ሓጎስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ንግስቲ ገብረሃንስ ወልደገብርኤል፡ ኣቦይ ገብረሃንስ ወልደገብርኤል ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ተኽስተ እርጋ ገብረዝግኣብሄር ምግል ተረፉ፡ ክስተ እርጋ ገብረእግዚኣብሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሂቢል መብራህቶም ሃይለ ምግል ተረፉ፡ ኣቢብ መብራህቶም ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ክብሮም ክስተ ክንፈ ምግል ተረፉ፡ ክብሮኣብ ክስተ ክንፈ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሽመንዲ ገብረሂወት ተኽለሚካኤል ምግል ተረፉ፡ ኣቤል ገብረሂወት ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣጸደ ኣርኣያ ፍስሃጽዮን፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሓድጉ ኢሳቕ ገብረመድህን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ደመቀሽ ክፍሉ ወልደኣምላኽ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ተኽለ ኪዳነ ገብረየውሃንስ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ትብለጽ ገብረሚካኤል፡ ተጸዋዒ ኣቶ ርቤል ኣፈወርቂ፡ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ወ/ሮ ዘውዲ ኣረጋይ፡ ኣደይ ሂወት ተስፋጋብር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ከሳሲት ወ/ሮ ሮማን ወልደሩፋኤል፡ ተኸሳሲ ኣድሓኖም ገብረመድህን በየነ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን2/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ዋሽ ሰዩም ገ/ሄር ምግል ተረፉ፡ ጎሽ ሰዩም ገ/ሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መሓሪ ተኽለ ሃይለማርያም ምግል ተረፉ፡ ቢንያም ተኽለ ሃይለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ጣላ ብርካዊ ማሕበር በዞም ዝስዕቡ ኣባላት ማሕበር ቀይሙ ኣሎ፡፡

| ምሉእ ስም | ዜግነት | ኣድራሻ | ቁጽሪ ብርኪታት |
|---|---|---|---|
| 1. ኣቶ ተስፋኣለም ተኽለ ገብረእየሱስ | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 100 |
| 2. ወ/ሮ ኣብርሃጼን ሃብቱ ሃብተ | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 100 |
| 3.ኣቶ ተኽለገርግሽ ኣብርሃ ሃይለ | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 100 |
| 4. ኣቶ ዞሚካኤል ገብረመድህን ኣድጉይ | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 100 |
| 5. ወ/ሮ ሉተብርሃን ፋኑስ ግርማይ | ኤርትራዊ | ድባርዋ | 100 |
| ድምር | | | 500 |

2. ስም ማሕበር "ጣላ ብርካዊ ማሕበር " እዩ፡፡
3. ማእከል ቤት ጽሕፈት ናይዚ ማሕበር ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ድባርዋ ፍሉይ ስም "ዓዲ ጣላ" ኮይኑ ኣብ ኣድላዪ እዋን ኣብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ወጻኢ ሃገር ጨናፍር ቤት ጽሕፈታት ክኸፍት ይኽእል፡፡
4. ንግዳዊ ዕላማታት እዚ ብርክዊ ማሕበር እዚ ዝስዕብ ይኸውን፡፡
1. መጥሓን እኽሊ፣
2. ምጥሓንን ምሻጥን ሽሮን በርበረን፣
3. ሓፈሻዊ ናይ ሕርሻ ንጥፈታት፣
4. መፍረን ምስባሕን እንስሳታት፣
5. መሸጣ እኽሊ፣
6. መፍረ ደርሁ፣
7. መሸጣ ወጻኢታት እንስሳታት ዘጠቓልል ይኸውን፡፡
5. ርእሰ ማል ማሕበር 1,000 ,000,00 (ሓደ ሚልዮን ናቕፋ) ኮይኑ፡ ናብ 500 ዝቖጸሩ ብርኪታት ዝተመቕሉ እዮም፡፡ ዋጋ ሓደ ብርኪ 2,000.00 (ክልተ ሽሕ ናቕፋ) ኮይኑ፡ ኩሎም ብርኪታት ብዓይነት ዝተኸፈሉ እዮም፡፡
6. ተስፋኣለም ተኽለ ገብረእየሱስ ንዘይተወሰነ እዋን ከም ኣካያዲ ስራሕ ኮይኑ ከገልግል ተሸይሙ ኣሎ፡፡
7. እዚ ብርካዊ ማሕበር ንዘይተወሰነ እዋን ቀይሙ ኣሎ፡፡

ጣላ ብርካዊ ማሕበር

# ስድራ ቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ምሕደራ ገንዘብን ስራሕን ኣብ ሓዳር

ኣብ ሓዳር ወጥሪን ጸገማትን ክፍጠሩ ባህርያዊ ነገር እዩ፡፡ እዚ ኣብ ህዱእን ሓያልን ዝምድና ዘለዎም መጻምድቲ ከይተረፈ እዩ ዝኸሰት፡፡ የግዳ ብልዝብን ምርድዳእን ክፍትሑ'ዩ ዘለዎም፡፡ እንተዘይኮይኑ መዕለቢ ዘይረኸቡ ጉዳያት ሓዳር፡ ይዕበዩ ይንኣሱ፡ ኣብ ማእርሒ ጸቕጢ ክፈጥሩ ኽበር ስለዝኸኣሉ ሽለል ክበሃሉ ኣይግባእን፡፡ እዞም ናእሽቱ ዝመስሉ እንተኾነ ምስ ግዜ እናተኣከቡ ዝመጽኡ ጉዳያት ናይ ሓዳርውን ንዝምድና መጻምዲ እንተድኣ ተቐጻጺርምን ርእይ ጸገማት ፈጢሮምን እቲ ሓዳር ቅልጡፍን መሰረታዊን ፍታሕ ኣብ ምድላይ ወዲቑ ክፀግዞ ምርዳእ ኣገዳሲ ይኸውን፡፡

ኣብ ሓዳር ጠንቂ ዝኾኑ ጉዳያት ብዙሓትን ዝተፈላለዩን'የም፡፡ ንሕጂ ግን ኣብኡዩም ኣብ ተመኩሮ ሓዳር ብዝበዝሐ ዝርአዩ ጸገማት ምኽንያም ብክኢላታት ኣፈታትሓ ማሕበራዊ ጸገም ከም ኣገደስቲ ነጥቢ ዝተለለዩ ኢና ክንርኢ፡፡ እታ ቀዳመይቲ ፊናንሳዊ ኣተሓሕዛ ወይ ኣጠፋፍኣ ገንዘብ ኣብ ሓዳር እትብል እያ፡፡

ፊናንሳዊ ገንዘብ መንቀሳቐሲ ሞተረ ናይ ሓዳርዩ እንተተባህለ ካብ ሓቂ ዝርሓቐ ኣይኮነን፡፡ ብዘይ ገንዘብ ዝኸይድ ሓዳር ይኹን ሂወት የለን፡፡ ካብ ኣገዳስነቱን ብዝበዝሐ ክርከብ ካብ ዘይምኽኣሉን ዝተላዕለ ጠንቁን ሳዕቤኑን ኣብ ሓዳር ቀሊል ዘይምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን፡፡ ኣብ ዝበዝሐ ሓዳር፡ ዘይሰሩዕ ወይ ዘይውሕሉል ኣወጻጽኣን ኣጠቓቕማን ገንዘብ ንመጻምዲ ኣብ ምጉርፋጥ ከእትዎም ይርአ፡፡ በዚ ዝተበገሰ ዘይምርድዳእ ከኣ ምስ ግዜ ናብ ዝኸፍአ ጭቕጭቕን ምሽሕካር ዝምድናን ይመርሖም፡፡ ስለዚ፡ ገንዘብን ኣጠፋፍኣኡን ምሕደራኡን ኣብ ሓዳር ልዑል ጠመተን ኣቓልቦን ክወሃቦ ዝግባእ ጉዳይ እዩ፡፡

ኣብ ባህልና፡ ኑቲ ኣብ ናብራ ወይ ሓዳር ዘሎ ገንዘብ፡ ከም ኣድላይነቱ ኣብ መዓላ እተውዕሎን እተቐናጸውናን ቀንዲ ኣደ እያ፡፡ በዚ መገዲ፡ እታ ኣደ፡ ብስራሕ ዘይውሕሉል ኣጠቓቕማን ኣወጻጽኣን ገንዘብ ኣብ ሓዳር፡ ኣደዳ ወቕሳን ዘለፋን ብዓልቤታ ክትከውን ግድን እዩ፡፡

እዚ ከበሃል ከሎ፡ ብዙሓት ውሕሉል ኣጠቓቕማ ገንዘብ እናገበራ ሓዳረን ብጽቡቕ ዝመርሓ ደቀንስትዮ ከምዘለዋ ገሲና ኣይኮንናን፡፡ እንተኾነ፡ ኣብ ገለኣን ኣደታት ዝርአ ሕማቕ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ኣብ ሓዳር፡ ኣሸንኳይ ንብዓል ቤተን ንተዓዛቢ ከይተረፈ ስምዒቱ ዘለዓዕል እዩ ዝኸውን፡፡ "ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ኣጋጢሙካ ምስ ተዓዚብካ፡ እንታይ ኩይና እያ ክሳብ ክንዲዚ ጠገለ ዘይብሉ ወጻኢታት ኣብዚሓ፡ ምስ ግዜን ዓቕምን ብዓል ቤታ ዘይትኸድ…" የብለካ እዩ፡፡ እዚ ዘረድኣና፡ ከምዚ ዝኣመሰለት ኣደ፡ ካብ ብዓል ቤታ ወይ ካብ ክኢላ ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ገንዘብ፡ ትምህርቲን ኣስተምህሮን ከምዝድልያ እዩ፡፡

ኣጠፋፍኣ ገንዘብ፡ ኣሸንኳይ ዝይተማህረት ኣደ ወይ ጽቡቕ ትምህርቲ ዘይጸገበት ጓለንስተይቲ፡ ኑተን ብስሩቀጠብ ኮነ ብኻልእ ዓውዲ፡ ልዑል ትምህርቲ ዝጸገበ ደቀንስትዮ ይኹና ዋላ'ውን ንምሁራት ደቂ-ተባዕትዮ ከይተረፈ ሓያል ብድሆ ዝፈጥር ምኳኑ ክንክሕዶ ኣይግባእን፡፡ ከምቲ 'ኣብ ኩናት ዘይወዓለ በሊሕ' ዝበሃል፡ ኣብ ፖርቶ ፈልዮኡ ወይ ኣብ ጁባኡ ዘሎ ገንዘብ ብዘግባእ ከመሓድር ዓቕሚ ዘይብሉ ሰብ፡ ወረቓ ማዕዶ ብምኻኑ 'ኣነ ንገንዘብ ጸቡቕ ገይረ ከመሓድሮ ዓቕሚ ኣለኒ'



እናበለ ክወራዘ ኣብ ልዕሊ ብዓልቲ ቤቱ ክመጻደቕን ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ሓቂ ግን ከምኡ ኣይኮነን፡፡

ስለዚ፡ ሓንቲ ኣደ፡ ኣብ ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ገንዘብ ዘለዋ ዓቕሚ ንኸሕይል፡ ዝያዳ ክትሕገዘን ኣገዳሲ. ምኽሪ ክትወሃበን'ዩ ዘለዋ እምበር፡ ብበዓል ቤታ፡ ክትድሃልን ኣደዳ ቁጻዊን ምድሃልን ክትከውን ፍጹም ኣይግባእን፡፡ እቶም ሃንሰቶም ብኣተሓሕዛ ገንዘብ ዝቋየቑ ሰብኡት፡ ንባዕሎም እቶም ዓቕሚ ምሕደራ ገንዘብ ዘይብሎም ምኻናም'ዩ እውን ብገለ ኣብ'ዚ ኣተኩርም መጽናዕቲ ዘተየዱ ወገናት ዝገለጽ፡፡ እቶም ዓቕሚ ዘለዎም ግን፡ ኣብ ቁጻዊን ምድሃልን ከይበጽሑ ኣንስቶም ክፃዝቅሑን ክምዝምህሩን ድማ ይሕተቱ፡፡

እዚ ይኹን'ምበር፡ ከምቲ ሳእንኻ ማዕረ እግርኻ ዝበሃል፡ ሓንቲ ጓለንስተይቲ ትመሃር ኣይትመሃር ብዝገደስ፡ ማዕረ ትሕዝቶኣን ቤታን ክትከይድ ከምዝለዋ ክትፈልጥ ግዴታ ኣለዋ፡፡ እዚ ንኹሉ ሰብ ዝተዋህበ ልቦናዊ ምስትውዓል ስለዝኾነ፡ እዚ እንተ ገይራ፡ ካብ ናይ ብዓል ቤታ ምምራር ክትድሕን ትኽእል እያ፡፡ ብዘወሰኸ፡ ካብ'ተን ኣብ ኣተሓሕዛ ገንዘብ ጥቡብ ኣለወን እትብለን መሓዙታን ጎረባብታን፡ ምኽርን ፍልጠትን ክትቀስም ጸቡቕ እዩ፡፡

ዘይግቡእ ኣተሓሕዛ ቀጠብ ኣብ ሓዳር ግን፡ ምስ ግዜ ጠንቂ ከቢድ ባእስን ምፍልላይትን መጻምዲ ክኸውን ከምዝኽእል ክዘንጋዕ ዘይብሉ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ገንዘብ ብዘግባእ ኣብ ምዓላ ምውዓሉ መጻምዲ ብቐዳምነት ክተግብርዎ ዘለዎም መምርሒ እዩ፡፡ ብዘይካ'ዚ፡ ብዋሕዲ ገንዘብ ኣብ ዝምድናታት ንዝመጽእ ዘይምርድዳእ ንምውጋድ፡ እቲ መፍትሒ እሂን ምሂን ምብህሃል ምኳኑ ክኢላታት ይሕብሩ፡፡

እቲ ካልኣይ ጠንቂ ጸገማት ኣብ ሓዳር፡ ብዋጋ ስድራቤትካ፡ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ስራሕ ምሕላፍ እዩ፡፡ እዚ ማለት፡ ሓደ ካብቶም መጻምዲ ንስራሑ ቀዳሚ ስድራቤቱ ክሰርዕ ከሎ ማለት እዩ፡፡ እዚ፡ ኣብ ስድራቤታት ኤርትራ ብዝበዝሐ ዝርአ እዩ፡ ብፍላይ ድማ ብደቂ-ተባዕትዮ ወይ ብሰብኡት፡፡ እቲ ስራሕ ይጥቀም ኣይጥቀም ብዘየገድስ፡ ሰብኡት ዝበዝሐ ግዜኦም ኣብ ስራሕ ከውዕልዎ'የም ዝርአዩ፡፡ ንግሆ ወፊሮም ምሸት ይኣትዉ፡ ምስ ኣንስቶም ኮነ ምስ ደቆም ዝምድናን ርክብን ዘይብሎም ይኾኑ፡፡ ከምዚ ዝኣበሩ መጻምድቲ (ቀንዲ ሰብኣይ)፡ ኣብ ካልእ ንጥፈታት ሓዳር ንኸይዋስኡ ከም መመኽነይታ ዘቕርብዎ፡ "ስራሕ እንደየ ኩይነ" ዝብል እዩ፡፡ ኣብ'ዚ ክፍለጥ ዘለዎ ግን፡ ስራሕ ልዕሊ ማሕበራዊ ግዴታ ናይ ሓዳር ዝሰርዕ ዘይምኻኑ እዩ፡፡ ካብ'ቲ ዝሰራሕ ዘሎ ስራሕ፡ እቶም ኣባላት ስድራቤት ይዓብዩ፡፡ እቲ ብቐዳምነት ዝሰርዑ ንስድራቤትን ሓዳርካን እኹል ግዜ ምሃብካ ምርግጋጽ እዩ፡፡ እንተ ዘይኮይኑ፡ ብዋጋ ስራሕ ንስድራቤትካ ግዜ ምኽላእ፡ ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ፡፡

ንኣብነት፡ ኣብ ስራሕ ነዊሕ ሰዓታት ስለዝሕለፍኻ፡ ኣብ ልዕሊ ደቅኻ ክትገብሮ ዝበሎካ ምክትታል፡ ኣብ ካልእ ስራሓት ናይ ገዛ ክትዋሰኣ ዝበለካ ጉዳያትን ምውዛፍን ምምኽናይን ይርአ'ዩ፡፡ እዚ ግን ቅቡል ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱ፡ ሓደ መጻምዲ ብዋጋ ስድራቤቱ ነዊሕ ሰዓታት ይሰርሕ እንተድኣ ሃልዩ፡ ሓዳሩ ወዲ ሓዲሩ ናብ ምፍራስ ገጹ ይኸይድ ከምዝሎ ክርዳእ ኣለዎ፡፡ ከምቲ ብሓደ ኣድካ ክጣቓዕ ዘይከኣል፡ ሓዳር ድማ ብሰብኣይ ወይ ብሰበይቲ ጥራይ ክቐጽል ከምዘይክእል ምርዳእ፡፡ ኣብ ልዕሊ ስራሕን ስድራቤትን ዝሀሉ መረዳእታ፡ ሚዛናዊን ንዑበየት እታ ሓዳር ዝድርዕን ክኸውን ኣለዎ፡፡

ብኻልእ ወገን፡ ምስ ስድራቤትኻ ከሕልፍዎ ዝኽእሉ ዝኣክል ግዜ እናሃለወም፡ ኣብ ስራሕ ዘይኮኑ ኣብ ካልእ ግዜኣም እናጥፍኡ፡ ኣምስዮም ገዛኦም ብምእታው፡ ንሓዳሮም ዝቐትሉ ሰብኡት ውሑዳት ኣለዉ፡፡ ገሊኦም ኣብ ባራት ክሰትዩ ብምምሳይ፡ ገሊኦም ክሳብ ዝመሲ ኣብ ከተማ ምስ ኣዕሩኽቶም ብምምሳይ፡ እቲ ምኽንያት ብዙሕ እዩ፡፡ እዚ ኸሉ ግን፡ ብመደብን ገደብን ወጺኡሉን ደኣ ክኸውን ኣለዎም'ምበር፡ ምሸት ምሸት ኣብ ባራት ክትሰቲ እናምሰኻ፡ ግዜ ናይ ብዓልቲ ቤትካን ደቅኻን ምቕጻል፡ ወዲሉ ሓዲሩ ዋጋ ዘኽፍል ምኻኑ ምርዳእ ከድሊ እዩ፡፡



ንኹሉ ግዜኡ ኣለዎ ከምዝበሃል፡ ምስ ኣዕሩኽትኻ ትዘናግዓሉ ግዜ ምፍላይ፡ ከምኡ ከኣ ምስ ስድራቤትካ ትዘናግዓሉ ግዜ ምምዳብ ጥቡብ ናይ ሂወት እዩ፡፡ እንተዘይኩይኑ፡ ከም ውሕጅ ዝኸሳ ሰብ ሐዘካ ወይ ገፊጡካ ብምኻድ፡ መጣፍእቲ ግዜ ክትከውን ይገብረካ እንተደኣ ሃልዩ፡ ተሓታቲ ናይ'ቲ ዝጠፍእ ዘሎ ግዜ፡ ባዕልኻ ደኣ'ምበር፡ ዓርክኻ ወይ መሻርኽትኻ ዘይምኻኑ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ፡፡ እቲ ምንታይ፡ ኣብ ሂወትና እናጥፍኦ ግዜ ጽባሕ ንግሆ ተሓተትቲ ባዕልና ንሕና ኢና፡፡ "ንግዜይ ምስ ዓርከይ እንደየ ኣሕሊፈያ፡ ወይ ንግዜይ እገለ እንደዩ ኣጥፊኡለይ ወይ ኣጥኪኑለይ" ምባል፡ ካብ ናይ ሂወት ተሓታትነት ኣየምልጠነን እዩ፡፡ ንሂወትናን ንግዜናን ከመሓድረሉ ዘኽእለና ብቑዕ ኣእምሮ ተዋሂቡና እዩ፡፡ ስለዚ፡ ብኣእምሮና ደኣ'ምበር ብኣእምሮ ካልኦት ክንከይድ ኣይግባእን፡፡ ዝበ፡ ብፍላይ ደቂ-ተባዕትዮ ሰብ ሓዳር፡ ልዑል ጥንቃቐን ግምዝበን ክገብሩሉ ኣለዎም፡፡ ብዓብኡ'ውን ኣብ መንጎ ዕወታትን ዘይዕወታትን ሰብ ሓዳር ዘሎ ፍልልይ ናይ ኣጠቓቕማ ግዜ ፍልልይ እዩ፡፡ ኣጠቓቕማ ግዜ ምስ ንቕሓት ኣእምሮ ዝተሓሓዝ ስለዝኾነ፡ ዝበዝሐ ግዜና ኣበይ ይጠፍእ ኣሎ ወይ መን የጥፍኦ ኣሎ፡ ክስተውዕል ኣለና፡፡

በሉ ምስ'ዚ ንኣጠቓቕማ ግዜ እትገልጽ፡ "ምሕደራ ግዜ ምሕደራዊ ሂወት እዩ" እትብል ሓሳብ ከተሰተንትኑ ንሓድገኩም፡፡

## ሕማቕ ልምድታት ኣብ ሓዳር

ሕማቕ ልምድታት ቀተልቲ ሓዳር ክኾኑ ይኽእሉ'የም፡፡ እዞም ዝስዕቡ ማለት፡ ሕርቃን፡ ብርቱዕ ጽልኢን ኣትዓቢ ባህርያትን ገለ ካብ ቀንዲ ሕማቕ ልምድታት ኩይናም፡ ኑቲ ሓዳር ናብ ኣሰካፊ መድረኽ ክማዕብልዎ ዝኽእሉ እየም፡፡ ስለዚ፡ ብኣጋኡ ተገንዚብካ ምውጋዶም፡ ኣብ ሓዳርካ ውሕጅ ከይመጽእ መገዲ ውሕጅ ጽርግ ክምዝበሃል እዩ፡፡

- ምሕሳው ወይ ሓቂ ምሕባእ
- ኣብ ስጡዕና ሕማቕ ልምድታት ምርኣይ
- ጉድለት ውልቃዊ ስጡዕና (ኑበሽሻን ኣከብኚሻን ካብ ሕማማት ዘይምክልኻል)
- ኣብ ልዕሊ ኣቕሓ ገዛኻ ኣኽብሮት ዘይምርኣይ
- ልዕሊ መጠን ምስታይ
- ኣብ እዋን ምዝርራብ ምዕባዕል
- ውልቃዊ ግዕዘይናኻ (ግእርጥናኻ) ዘይምጽፋፍ
- ንመጻምድኻ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ምውቃስ
- ምስ ብዙሓት ተኳሻሚ ባህርያት ምርኣይ (Flirting)
- ንእትኽተሎም መምርሒታት ገዛኻ ብቐጻሊ ምቅያር
- ቁልዓዊ (ዕሽላዊ) ባህርያት ምንጸብራቕ
- ዝረስሐ ክዳውንቲ ኣብ ምድሪቤት መደቀሲኻ ደራቢኻ ምኻድ
- ጽሬት ኣካላትካ፡ ክዳውንትኻን ግርማኻን ሽለል ምባል
- ኩሉ ግዜ ኣብ ኩሉ ነገራት ርእሰኻ ብቐዳምነት ምስራዕ
- ምዕዝምዛምን ምቁያቑን
- ንእምነትን መረዳእታን ኣዕሩኽ፡ መሳርሕቲን ስድራቤትን ብኽፉት ምንቃፍ
- ብዓብኡ ድማ ኣብ ልዕሊ መጻምድኻን ደቅኻን ተገዳስነት ምጉዳል፡፡

እዚኣቶም ገለ ካብ ሕማቕ ልምድታት እየም፡፡ ብዙሓት ዝተረፉ ድማ ኣለዉ፡፡ ካብ'ዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ሕማቕ ልምድታት ዘጓንፎ ብዓል ሓዳር፡ ምስ መጻምዱ ተሓቢሩ ብኣጋኡ ምውጋድ፡ ኣማራጺ ዘይብሉ መፍትሒ እዩ፡፡

# ዘቲባ ሎሚ

## ኢትዮጵያ - ሃገርነትን ሃገራውነትን ኣብ መስቀላዊ መንገዲ

4ይ ክፋል

ፍስሃየ ኪዳነ (ወዲ ፖሊስ)
ሚኒስትሪ ትምህርቲ

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ከም እተገልጸ፡ ፖለቲካውን ጸጥታውን ኩነታት ኢትዮጵያ፡ ካብ ዜጋታታ ሓሊፉ ንመላእ ህዝቢ ኣፍሪቃ፡ ካብኡን ናብኡን ከኣ ንጉድቦታት ኣተሓሳሲቦም ኣሻቃሊን ኮይኑ ኣሎ። ብዙሓት ተዓዘብቲ፡ በቲ ኩነታት ስክፍታ ብምሕዳርም፡ እታ ሃገር ዛዕባ ዝተፈላለዩ ትንታነታት ኮይና ኣላ። እዚ ሓተታ'ዚ ከኣ፡ ብዓቕሙ፡ ኣብ ክሊ ፖለስታት ዕንደራን ሸርሕታትን መንግስታት ኢትዮጵያ፡ እንተላይ ንገሽሎት ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ትዕዝብቲ ንምክፋል ዘንቀደ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል፡ ከም ድሕሪ ባይታ፡ ኣመዓብላ ሃገርን ሃገራውነትን ብደረጃ ዓለምን ኣፍሪቃን ኣቐሪቡ ነይሩ፣ መቐጸልታኡ ይስዕብ፦

**ትካላዊ ሸርሒ፡ ኣንጻር ሃገርነትን ሓድነትን ኢትዮጵያ**

ብዝይጥርጥር፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ኢትዮጵያ 'ሃገርን ሃገራውነትን' ኣብ ምልክት ሕቶ ዝኣተዉ ይመስሉ። ሰንከልከል ሃገርነት ኢትዮጵያ ግን፡ ስለምንታይ ናብዚ ደረጃ'ዚ በጺሑ፧ ዝብል ሕቶ ምልዓል ከኣ፡ መልሲ ዘድልዮ እዩ። ቀድሚ ዝኣገረ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ዝርኣናዮ፡ 'ክልሱ ሓሳባት ሃገር፡ ሃገራውነትን ማስርሕ ህንጸት ሃገርን' ኣብ ግምት ምእታው፡ ክስገር ዘይብሉ ቅድመኩነት እዩ። ንምዝርዛር ዝኣክል፡ ሃገር ከም ኣምር፡ ብዕላውን ወድዓውን ኣመለኻኽታ ዝርአ እዩ። ኣንቶኒ ጊደንስ ዝተባህለ ተመራማሪ ስነሕብረተሰብ፡ "ሃገር እትህሉ፡ መንግስቲ ኣብ መላእ ልኡላውን መሬታውን ግዝኣቱ፡ ሕቡር ምሕደራ ምስ ዝህልዎ እዩ" ዝብል መግለጺ የቕምጥ። ጆሴፍ ስታሊን'ውን "ሃገር፡ ብታሪኽ ዝቘመ፡ ርጉእ ማሕበረሰብ ዝኾነ፡ ኣብ ሓባራዊ ቋንቋ፡ ግዝኣተ-መሬት፡ ቁጠባዊ ህይወት፡ ኣብ ሓባራዊ ባህሊ ዝዝዱ ስነኣእምሮኣዊ ኣቋውማን መሰረት ብምግባር ዝቘመ እዩ" ዝብል መግለጺ ይወስኽ። ኣንቶኒ ዲ.ስሚዝ (1991፡473) ዝተባህለ ተመራማሪ ከኣ፡ ሃገር ማለት፡ ሓደ ስሙይ ህዝቢ፡ ንታሪኻዊ ግዝኣተ-መሬት፡ ሓባራውያን ዛንታታት፡ ታሪኻውያን ዝኽርታትን፡ ህዝባዊ ባህሊ፡ ሓባራዊ ቁጠባ፡ ሓባራውያን መሰላትን ግቡኣትን ብኸሎም ኣባላት ምምላእን ምፍጻምን ምኻኑ የሰምረሉ። ብሓጺሩ፡ መንግስቲ፡ ኣብ ህይወት ሃገርን ሃገርነትን ወሳኒ ግደ ዝሕዝ ምኻኑ ምርዳእ ኣይእግምን።

ሃገራውነት (nationalism)፡ ኣብ ክንዲ ኣባል ህዝብታት፡ ሓቀኛ ወይ ዕቑር ሃገር (actual or potential nation) ንምምስራት፡ ንርእሱ ምምሕዳር (autonomy)፡ ሓድነትን መንነትን ንምርካብ ንምጽጋዕን ዝቶደድ ምንቅስቓስ ምኻኑ እዝም ተመራመርቲ የረድኡ። ኣብ ውሽጢ'ዚ መቓን'ዚ፡ ሃገራውነት፡ ንባእታታት ስነሓሳብ፡ ቋንቋ፡ ባህሊ፡ ስምዒታትን ባህግታትን ህዝብታት ዝውክል ምኻኑ ይእመን። ብኻልእ ዝጸበበ ትንታነ'ውን፡ ሃገራውነት፡ ጸጥታ ሃገር ንምስፋን ይኹን ኣብ ብልጽግና ንምብጻሕ፡ ምስ ስምዒታትን ባህግታትን ብምሕባር፡ ኣባላት ሓደ ሕብረተሰብ፡ ምስ ሃገር ዝህልዎም ስምዒት ምትእስሳርን ተበጻሕነትን ምኻኑ ይእመን። በዚ መሰረት፡ ሃገር ንምውሓስ ኮነ ሃገራውነት ንምስሳዕ፡ ብቕዓት መንግስቲ ወሳኒ እዩ።

በዚ መንጽር'ዚ፡ ሎሚ፡ ሃገረ-ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትሕቲ ንመላእ ልኡላውን መሬታውን ግዝኣተ-መሬት ብሕቡር ከመሓድር ዘይክእልን ዘይብቑዕን መንግስቲ ምውዳቓ፡ መግለጺ ሃገርነት ካብኣ ይሃድም ከይህሉ የሰክፍ። ኢትዮጵያውያን ብሰንኪ ዘይንጹርነት ስነሓሳብ መንግስቶም ናብ ቅልውላው ፖለቲካዊ መንነት ዘምርሑ ዘለዉ ይመስሉ። እዮም ዛጊት ዝተነድቁ ሓባራውያን ስምዒታትን ባህግታትን ኢትዮጵያውያን'ውን ናብ ምፍራስ ገጾም ከምንቀልቀሉ ዘሰክፍ ይመስል። ብርግጽ፡ ሃገራዊ መንነት ኢትዮጵያ፡ ካብ ዘመነ ሃጸይ ምኒሊክ ክሳብ ስርዓት ደርግ ንልዕሊ ሓደ ዘመን መሰረቱ ንምድልዓል ክቃለስ ጸኒሑ እዩ። ካብ 1991 ንደሓር ግን፡ ፈለማ ብሰንኪ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ስርዓት ወያኑ-ኢህወደግ፡ ሃገራውነት ኢትዮጵያ ብንድፍን ብዕላማን ንኽበታተኽ ብመደብ ተሰሪሑሉ። እዚ ከይኣክል፡ እቲ ካብ ስርዓት ወያኑ-ኢህወደግ ብኽልሰ ሓሳብ ውዲት ፖለቲካዊ ስልጣን ዝተረከበ መንግስቲ ብልጽግና'ውን፡ ሃገራዊ መንነት ኢትዮጵያ ብዝበደደ ንኽናናዕ ብደይ-መደይ ዝሰርሓሉ ዘሎ ይመስል።

ሓደ ነጥቡመርኣያ ናይዚ፡ እቶም ኣንገፅ ሃገራውነት ዝኾኑ ሕላገታት፡ ከም ሓባራውያን ዝኽርታት፡ ዛንታታት፡ ቅርሲታት፡ ኣርማታት (ሃገራዊ ባንዴራ፡ ሃገራዊ መዝሙር፡ ሓወልትታት ወዘተ.) ከይተረፉ መጣልዕን መናኸሰን ግርጭታት ኢትዮጵያውያን ይኾኑ ምህላዎም እዩ። ዜጋታት ኢትዮጵያ፡ ሃገራዊ ጸጥታ ንምስፋንን ብልጽግና ንምጕንጻፍን ዝመርሖም መንግስቲ ብዘይምርካቦም፡ ብሓባር ናብ ህንጸት ሃገራውነት ከምዕዱዉ ኣብ ዘይክእልሉ ደረጃ ወዲቖም ይርከቡ። ሃገራውያን ክብርታትን ባህልታትን ክፈሓቑን ክፈርሱን እንከለዉ፡ እቶም ዝመናት ዝተሃንጹ ሃገርን ሃገራውነትን'ውን ክሰሩ ኣይክእሉን እዮም። የግዲ ከኣ፡ ኢትዮጵያውያን ዜጋታት፡ ሃገራዊ መንነት ዳግም ንምጽጋዕን ንምምላስን ናብ ዘይተጸበዩዎ ሓድሽ ምንቅስቓስ ስነሓሳብ ሃገራውነት ኣትዮም ይርከቡ። ብሓቂ፡ ንሃገርን ሃገራውነትን ሃገረ-ኢትዮጵያ ቀይሕ መብራህቲ ካብ እተወልዐ ከኣ፡ ኢትዮጵያውያን እዚ ዕጫ'ዚ ከጋጥሞም ሕማቕ ዕድል'ዶ ኣይኮነን...!

ብዘኾነ መለክዒ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ብሕልፊ ኣብዘን ሰለስተ ዓመታት፡ ኢትዮጵያ፡ ብሰንኪ ገበረጥ ፖለቲካዊ ምሕደራ ስርዓት ብልጽግና፡ ሰናይ ምሕደራ ተነፊገዋ ይርከብ። ኢትዮጵያ፡ ማእከላይ መንግስቲ ብምልኣት ከማእከሎ ዘይክእል ምኻኑ፡ ምስጢር ኣይኮነይ እዩ። ብዝይጥርጥር፡ ኣውራ እተን ከም ኣካል ጃኡ-ፖለቲካዊ ቅርጺ ኢትዮጵያ ዝፍለጣ ዝዓበያ ክልላት፡ ኣምሓራ፡ ኦሮምያን ትግራይን፡ ኣሸንኳይዶ ሰላምን ርግኣትን ክየስተንትና፡ ዋላ ንቡራት ማሕበራውያን ኣገልግሎታት ክረኽባ'ውን ንጋዳ ይመስላ። እቲ ዝሕፍር ከኣ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ መንግስቲ ብልጽግና፡ ዋላ ንርእሰከተማ ኢትዮጵያ (ኣዲስኣበባ) ከይተረፈ ንምቁጽጻር፡ ፖለቲካዊ ቁመና ሰኢኑ ምህላው እዩ። ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ፡ ዛጊት፡ ከምዚ ዓይነት ሰንፍና መንግስቲ ብምንም-ተኣምር ተራእዩ ኣይፈልጥን። ክንዲ ዝኾነ፡ ብጦቛጽን ብኣፈ-መዝን ፍታሓት ምንዳይ፡ ግዜ ዝወለዶ ኣማራጺ ይመስል። በዚ ከኣ፡ ፖለቲካውን ማሕበራውን መሰላቶም ዝተነፍጉ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ሰላምን ሓድነትን ሃገር ንምውሓስ፡ ኣንጻር መንግስቲ ብልጽግና ምቅላስ የግዲ ኮይኑዎም ኣሎ።

ብኣንጻሩ፡ እቲ ልኡላውያን ትካላት ምክልኻልን ጸጥታን፡ ፋይናንስ፡ ዲፕሎማስ፡ ኢሚግረሽን ጥራይ ስለ ዝተቘጻጸረ፡ መንግስቲ ዝኾነ ዝመስሎ ዘሎ ማእከላይ መንግስቲ፡ ኣብ ትልኽትልኽ ህላወ ወዲቑ ይርከብ። ካብ ውሽጣዊ ቅልውላው ሕጋውነት (Legitimacy Crisis) ንምውጻእ ከኣ፡ ወገሐ-ጸብሐ፡ ሓደስቲ መጠበሪ ዛዕባታት ካብ ምምሃዝ ዓዲ ኣይወዓለን። "ሰብ ሰርሖ ዝናብ ኣውሒስና፡ ናብ ህዋ ሳትላይት ወንጨፍና፡ ሰርናይን ቱፋሕን ዘርኢና፡ ፋብሪካ ደሮን ሰሪሕና...፡" ወዘመሳስሉ ኣብ ባይታ ዘይተጨበጡ መዘምራት ንጹሓይ ብምውቃዕ ምስሊ መንግስቲ ንምሓዝ ይጽዕር ኣሎ። ብዮዙብሪ እንተጀመርና ግን፡ ከሎም ምዕሮ ሓሶታት ካብ ምኻኑ ሓሊፍም፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ቀርሲን ምሳሕን ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም። ብኣንጻሩ፡ ሎሚ ንፋስ ዝተወቐዐ ዜና፡ ንትርግታ ልቢ ህዝቢ ስለ ዘይረኽብ፡ ንጸባሒቱ ዓፍራ ኮይኑ ስለ ዝሃፍፍ፡ ተገምጠሉ ንሰጥመት ኣካይዳ መንግስቲ ብልጽግና ከምዝን ይርኣ። ምኽንያቱ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣፉ ዝመልኡ ተስፋታት ኣይኮኑን ዘድልዮ። ቅድም ቀዳድምስ፡ ዋላ ብጥሙይ ከብዱ፡ ኣብ ቤቱ ኣስተርሒዩ ክድቅስን ወፈሩ ንኽኣቱን ውሕስነት ሰላም እዩ ዘድልዮ።

ኣብዚ ህልው ኩነታት፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ 'ነፈርቲ ከፍሪ ዝኽእል ፋብሪካ ደሮን እንህልካ' ምባል፡ ኣብ ታኼላ ኩናት ናይ ምንባር ዜና ኮይኑ ስለዘይስምዖ ብስራት ዘይኮነ መርድእ እዩ። እቲ ምንታይ፡ ናብ ልምዓትን ብልጽግናን ዝምርሑ ልምዓት ሕርሻን ፋብሪካታትን እምበር ነፈርትን ሚሳይላትን ቀሊብ ክኾኑዎ ከምዘይክእሉ ይፈልጥ እዩ። ዋላ እታ ካብ ኣፍሪቃ ዝምዕበለትን ዝተበተመትን ሃገረ ደቡብኣፍሪቃ እውን ትኾን፡ ፋብሪካ ደሮናት ቀዳምነታ ክኸውን ኣይክእልን። መብዝሕትኡ እዋን፡ ኣብ ኣፍሪቃ ዝፈጸሙ ውግኣት ዘቤታዊ ወይ ኣብ መንጎ ሓድሕድ ስለዝኾኑ፡ ንደሮናት ዝዕድሙ'ውን ኣይኮኑን። ምውዳቕ ዝተርፎ ኣይኮነን ዝብሉ ትንታነታት ከቃልሑ ይሰምዑ እዮም። ብሓጺሩ፡ ስርዓት ብልጽግና፡ ፖለቲካዊ ሕጸኖት ስልጣኑ ከብቅዕ፡ ኣብ ቀጽሪ መዓልትታት ዝኑበር ዘሎ ይመስል። ክንዲ ዝኾነ'ውን ኣብ ኢትዮጵያውያን ዜጋታት ይኹን ካልኦት ተዓዘብቲ፡ ካብ ምውዳቕ ስርዓት ብልጽግና ንላዕሊ፡ ልኡላውነትን ሓድነትን ኢትዮጵያ ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ስክፍታን ሻቕሎትን ዛይዱ ይርከብ። እታ ዝመናት ብሓድነታን ልኡላውነታን እትፍለጥን እትንኣድን ኢትዮጵያ፡ ኣብ ታሪኽ ተራእዩ ዘይፈልጥ 'ብታኒ (Disintegration)' ከየጋጥማ ንብዙሓት ስግኣት ፈጢሩሎም ኣሎ። እቲ ምንታይ፡ መንግስቲ ብልጽግና'ውን ልክዕ ከም ስርዓት ወያኑ-ኢህወደግ፡ ንሃገራዊ መንነት ኢትዮጵያውያን ንምፍራስን ንምፍሓቕ'ንምግባር፡ ብዝዕባ ጥምርቲ ኢትዮጵያ ዝጸጦ ኣይመስልን እዩ። ዛጊት፡ ኣብ ዓለም ጹሓይ ዘይተወቐዐ ስነሓሳባትን ፍልስፍናን እናምጽኣ፡ ካብ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሓሊፉ፡ ዋላ ኣብ መንጎ ህዝብታት ጉድቦ ሃገራት ከይተረፈ፡ ክልሰ ሓሳብ ውዲት (Conspiracy Theory) ምስሶኽ ኮነ ንህዝብታት ኣብ ሓሸውየ ምንቋት፡ ናብ ከተትኩናት ምዕዳም፡ ኣይግድን ምርጫ እዩ።

መንግስቲ ብልጽግና፡ ንኩናት ዝኸውን ወተሃደራዊ ቅልጽምዝውንን እንተኾይኑ'ውን



ከምዚ ዓይነት ውግእ ካብ እግረኛ ሰራዊት፡ መዳፍዕትን ታንክታትን ዝሓለፍ ኣይኮነን። ኣመራጽን መላፍንታ ሃገራት ምዕራብ'ውን እንተኾኑ፡ ኣብ ኣፍጋኒስታን ንተቓለስቲ ጣሊባን ብደሮናት ክስዕርዎም ፈቲኖም ኣይተዓወቱን። ኣማእያኦሉ ንዕላቶም ተሳዒሮም፡ ርዖም ጠቕሊሎም ወጺኦም እዮም። መንግስቲ ብልጽግና ከኣ፡ ኣብ በርኻታትን ጣሻታትን ክሊ ኣምሓራ ምስ ምንቅስቓስ ፋኖ ብደሮናት ክገጥም፡ መርኣያ ሕመቑምባር፡ ካልእ ትርጉም ዘውሃቦ ኣይኮነን። ትሕተ ቅርጽታት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ትካላት ጥዕናን ኣብያተ-መቕደስን ብደሮናት ምዕናው፡ ጸባሕ ዕዳ ናይታ ሃገር እዩ።

መንግስቲ ዕሸላት ዝመስል ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ካብዚ ናይ ውሽጢ ዕግርግር ናብ ግዳም ብምዝባል፡ ኣንፈት ኢትዮጵያውያን ንምስሓት "ኢትዮጵያ፡ ምስ ብዙሒ ህዝባ ዕብየት ቁጠባኣ፡ እንተስ ብወዲ፡ እንተስ ብጎዲ፡ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት ባሕሪ ክትረክብ ይግባእ" ፖለቲካዊ ስብከት ክብዝሕ'ውን ኣይሓፈረን። የዋእዩ! መራሒ ሰልፊ ብልጽግና፡ ኣንጻር ጎረባብቲ ሃገራት ኣእማን ክደረቢ ምፍታኑ፡ 'ብጥርሙዝ ኣብ ዝተሰርሐ ገዛ' ከም ዘሎ ዝዝነግዕ ይመስል። ኣራ፡ እዛ ገና ካብ ማእመር ድኽነት ፈልክት ዘይበለት ሃገረኢትዮጵያ፡ ሾግራታ ኣብ ክንዲ ናብ ስእነት ባሕሪ ምልጋብ፡ ቅድሚ ዝኣገረ፡ ሕቶ ምውሓስ ምኽብርን ልኡላውነታንዶ ኣይዓብየን፧ መንግስቲ ብልጽግና፡ ብዙቐዓት ፖለቲካዊ መለክዒ ይኹን ብመዝነብ ሓሶታት፡ ኣብ ታሪኽ ኣፍሪቃ መወዳድርቲዶ ደርከቦ ይኸውን፧

ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሓጺር እዋን ኣብ ክንዲ ናብ ዘይክእሎን ዘይመልኮን ኩናት ከቋምት ዝፍትን፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ዓቕምታቱ፡ ዘቤታዊ ሸግራቱ ኣብ ምፍታሕዶ ከውዕሎ ኣይምሓሸን፧ መንግስቲ ብልጽግና፡ ብሓቂ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብጦሓጽ ኣፉ-ደገ ባሕሪ ከውህቦ ይሓስብ እንተሎ፡ ባዕሉ ናብ ኑብሱ'ቕትሉት ጉዱ ከምርሕ ዝንቀደ እዩ ዝመስል። ኩናት መፍትሒ ማሰሉ ይርኣዮ እንተሎ'ውን እተን ባሕሪ ከውንና ትዕድልቲ ዝረኸባ ጎረባብቲ ሃገራት ኢትዮጵያ፡ 'እንሆ ፈረሰ፡ እንሆ ሜዳ" ካብ ምባል ሓሊፈን፡ ካልእ ዝበላ ኣይክህልወንን እዩ። እምበር፡ ኣብ ዓለም፡ ዋላ እተን ዝተብዕተማን ዝዓንተራን ኣፉ-ደገ ባሕሪ ዘተሓረማ ሃገራት፡ ባሕርን ወደብን ንምርካብ፡ ስሉመገት ሓይሊ ምጥቃም ዝሓልማ ኣይኮናን። ኢትዮጵያ'ውን ባሕሪ ይኹን ወደብ ቀዳምነታ እንተኾይኑ፡ ብሰላምን ምርድዳእን ክሳብ ዘኸደት፡ እትኸልኣ ሃገር ክትህሉ ኣይትኽእልን። ግደ ሓቂ'ውን ስርዓት ወያኑ-ኢህወደግ ደኣ ባዕሉ ክሕሰሞ መረጸ'ምበር፡ ኤርትራ፡ ካብ 1991 ኣትሒዛ፡ ኢትዮጵያ ብሰማዊ ክፍሊት ነጻ ኣገልግሎት ወደባት ክትጥቀም ፈቒዳትላ ነይራ እያ። ብዘኾነ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ ንሃገርን ሃገራውነትን ኢትዮጵያ፡ ካብ ሕሰረትን ውርደትን ሓሊፉ፡ ናብ ጥርጥርን ብታንን ጉዱ ከወስዶ ምፍታኑ፡ ብሓቂ ዘተሓሳስብ እዩ...!

እቲ ብፖለቲከኛታት ኦሮሞ ዝተዓብለለ ስርዓት ኢትዮጵያ፡ እንተኸኣለሉ፡ ዋላ ንጂኦ-ፖለቲካዊ ካርታ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምቕያር፡ ንዓቕምታቱ ኣፉፈሑ ክዕዕርን ከውጥንን ሕንኸ ዘይምባሉ ዘርርም እዩ። ልሂቃን ብልጽግና ሕልፍ ሓሊፎም፡ "ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ 'ሃገረ-ኩሽ' ዝብሃል ሓድሽ ካርታ ክንምስርት፡ ደገም ግዜና መጺኡ እንሆ፡ ዛጊት፡ ህዝቢ ኦሮሞ ብሴማውያን ህዝብታት ንልዕሊ ሓደ ዘመን ስለ ዝተገዝአን ዝተረግጸን፡ ስልጣን ሴማውነት ብኩሻውነት ንምትካእ፡ ንሴማውያን ህዝብታት ኤርትራ፡ ኣምሓራን ትግራይን ነንሓድሕዶም ንምፍላዮ፡ ርክቦም ንምርሕሓቑ፡ ክሰርሕ ይግባእ" ዝመስል ዛዕባ ንቕድሚት ከደፍኡ ህርድግ ይብሉ ኣለዉ። ብመሰረት ዩቶፕያዊ ኣመለኻኽታ ልሂቃን ኦሮሞን ሰዓብቶምን፡ 'ሃገረ-ኩሽ' ካብ ብዙሓት ኦሮሞ ጀሚሩ፡ ክሳብ ሶማልን ዓፋርን ዝጠቓልሎም ዞባታት ክዝርጋሕ እዩ ሕልሞም። ፕሮጀክት ሃገረ-ኩሽ ክሰኻዕ እንተኾይኑ ድማ፡ ልሂቃን ኦሮሞ፡ ኑዮም ያታውያን ኣመንቲ ህዝቡክርስትያን ብሓፈሻ ንምንጻስን ነንሓድሕዶም ንምፍላስን ረቂቕ ኩናት ክእውጁ ይሓልሙ። ኣብ ክሊ'ዚ ውጥን'ዚ ከኣ፡ ኑታ ማእከል ሓባራውያን ባህልታትን ክብርታትን ብምኻኑ ንኣመንቲ ኦርቶዶክስ ማስተራኽብ ዝኾኑ ቤተ-ክርስትያን ተዋህዶ ንምውቃዕ ንምድኻምን ንምርኻስን ቀዳማይ ዕላማ ኮይኑ ተሓጺዩ። ሎሚ፡ ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ መንጎ ኣመንቲ ኦርተዶክሳዊት ቤተ-ክርስትያን ሓሓሊፉ ዝርአ ምትፍናን ብትሕተ-ባይታ ብመንግስቲ ብልጽግና ዝጥጃእ ምኻኑ ይእመነሉ። እዚ ተርእዮ'ዚ ከኣ፡ ኑቲ ኣብ መንጎ ሴማውያን ህዝብታት ክጥጃእ ዝሕሰብ ውዲት ክልሱ ሓሳብ ቅድመ-ምልክት ከይኮነ ኣይተርፍን።

ልሂቃን ብልጽግና፡ ዝ 'እኩይ ፖለቲካዊ ራእይ ይኹን ውጥን'ዚ፡' ኣብ ውሽጣዊ ኣኼባታት ሰልፎም እንክልዕሉዎ፡ ብቓለል ዝትግበር ስለ ዝመስሎም፡ ብኣጋ መንፈሳዊ ዕገበት ይሰምዖም ይኸውን እዩ። እዚ ሕልሚ ቅትሪ'ዚ ድማ፡ ዋላ ስርዓት ብልጽግና'ውን 'እንተ ቐጾ-ቐጾ፡ እንተ ዘይቀጾ ደማ ሕንጣጥ' ከም ዝብሃል፡ ኑቲ ንስርዓት ወያኑ-ኢህወደግ ዝለከመ 'ማንታ ስነሓሳብ' ንምድጋም፡ ዝተሰለፈ ይመስል። ምኽንያቱ፡ ስርዓት ወያኑ-ኢህወደግ፡ ንማንታ ስነሓሳቡ ናብ ግብሪ ንምትርጓም፡ ንኢትዮጵያ ብዕሊትኑት ዝገተዘ ሕገ-መንግስቲ ስጋ ከም ዝለበሰ ገይሩ እዩ። ኣራ፡ ጠንቂ እዛ ሕጂ ናብ ብታን እተምርሕ ዘላ ኢትዮጵያ፡ እዚ ሕገ-መንግስቲ'ዚ ዝወለዶ ምኻኑ ዘካትዕ ኣይኮነን። ኢትዮጵያውያን ኮኑ ደለይቲ ጸቡቕ ኢትዮጵያ፡ መንግስቲ ብልጽግና ኣብ ስልጣን ድሕሪ ምምጽኡ፡ ተለዊ ኣሎ፡ ዝ ሰራም ሕገ-መንግስቲ'ዚ ክእርም ትጽቢት ነይሩዎም እዩ። ብዝይጥርጥር፡ መንግስቲ ብልጽግና፡ ንደምሰል ደኣ ሃገራዊ ካብ ለበሱ ይዝምር ኣሎ'ምበር፡ ዛጊት ኣብ ባይታ ዘሎዉ ኣመታት ምንቅስቓሳቱ፡ ኣብ ግምት እንተ ኣትዩ፡ ዋና ዕላማኡ፡ ንስነሓሳብን ካርታን 'ኦሮሙማ (ሃገረ-ኦሮሞ)' ስጋ ንምልባስ ከይኮነ ኣይተርፍን። ምናልባት፡ መንግስቲ ብልጽግና፡ ምስ ዘይወግዓዊት ሃገር ሶማሊላንድ ስምምዕ ኣፉ-ደገ ባሕሪ ክኸትም ምምራጹ'ውን፡ እታ ክፈጥራ ዝሓልም 'ሃገረ-ኩሽ/ኦሮሙማ' መላግቦ ባሕሪ ንኽትረክብ፡ መንገዲ ንምጽራግ እምበር፡ ምእንቲ ሃገረ-ኢትዮጵያስ ኣይመስልን። ብዘኾነ መለክዒ፡ መንግስቲ ብልጽግና፡ ብሃገራውያን ሓይልታትን ውዳቤታትን ክሳዕ ዘይተበደሁን ዘይተመከተን ድማ፡ ንሃብቲ ኢትዮጵያ ብምምዝማዝን ብምዝማትን፡ ፈለማ ኣብ ኢትዮጵያ ሕጸኖቱ ክውድእ ክፍትን ይኽእል እዩ። ምናልባት፡ ናብ ገምገም ምጽዳፉ ዘይተርፎ ምኻኑ እንተ'ገምጊሙ'ውን ግን፡ ናብ ሓዳስ ሃገረ-ኦሮሞ ንምቕማት ትኽስ ዝበል ኣይመስልን። ብኻልእ ሓረግ፡ ስርዓት ብልጽግና፡ ካብ ኢትዮጵያውነት ክጽንዕ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ብቕዓት ምስ ዘስእኖ ሃገረ-ኦሮሞ ብምምስራት፡ ንብታን ኢትዮጵያ ቅድመኩነት ክፈጥር ድሕር ዝብል ኣይመስልን።

ይቕጽል...

# መዘክር ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ
## ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር

ርእይቶ

(2ይ ክፋል)

ሰረቀ ክፍለ
(ኖርወይ)

**ኪዳን**

ኪዳን (Alliance) ኣብ መንጎ ክልተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ሃገራት ንሓባራዊ ረብሓ ወይ ካልእ ስትራተጂያዊ ጉዳያት ዝፍቶ ውዕል ወይ ስምምዕ እዩ። ኪዳን ወተሃደራዊ፡ ፖለቲካዊ ወይ ቁጠባዊ ስምምዕ ክኸውን ይኽእል።

ገለ ወተሃደራዊ ኪዳናት፡ ንኣብነት 'ኔቶ'፡ ኣብ መንጎ ናይ ቀደም ደማዊ ጽልኢ ዝነበሮም ሃገራት ዝቖመን ነዊሕ ዕድመ ዘለዎን ኮይኑ፡ 'ዋርሳው ፓክት' ከኣ ናይተን ማሕበርነታዊ ስርዓት ዝኽተላ ዝነበራ ሃገራት ወተሃደራዊ ኪዳን እዩ ነይሩ። ወተሃደራዊ ኪዳን ዝመርሖን ዘማእከሎን ሓያል ሃገር ይሓትት። ንኣብነት 'ዋርሳው ፓክት' ሕብረት ሶቭየት ቅድሚ ምብትታና ትመርሖን ተማእክሎን ነይራ። ምስ ምብትታን ሕብረት ሶቭየት ከኣ እቲ ኪዳን ፈረሰ። ኣመራርሓ ትመርሖ ኔቶ እውን ምስ ቁጠባዊ ፖለቲካዊ ስሉሓትን ወተሃደራውን ምድኻም ኣመራርሓ ብፈታኒ ግዜ ይሓልፍ ኣሎ።

ኣብ ኣፍሪቃ ነዊሕ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ኪዳን ነይሩ ምባል ኣሸጋሪ እዩ። ይኹን'ምበር በብግብኡ ምስ ፍሉይ ኩነታት ወተሃደራዊ ኪዳን ናይ ምምስራት ፈተነታት ይቐየድ እዩ። ንኣብነት ህዝባዊ ግንባር ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ምስ ወያነ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ተቓለስቲ ዝነበሮ ዝምድና ከም ንእሽ ወተሃደራዊ ኪዳን ክጥለጽ ይከኣል እዩ። ከምኡ'ውን ፖለቲካውን ቁጠባውን ኪዳን ኣብ ኣፍሪቃ ብዙሕ ግዜ ይፍተን እዩ። ይኹን'ምበር ኣብ ኣፍሪቃ ዝጀምር ቁጠባውን ፖለቲካውን ኪዳናት ንኣብነት ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ኮሜሳ፡ ኢጋድ ብሃገራት ምዕራብ ስለ ዝምወል ዝበዝሐ ግዜ ንረብሓ ሃገራት ኣፍሪቃ ብዕቱብ ኣየሰርሕን እዩ። ስዖዊ ኮይኑ ከኣ ይተርፍ።

**ተነጸልቲ ኣብ ማዕርሒ ምህናጽ ዝምድና ሃገራት?**

ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ንዝምድና ሃገራት ዝምልከቱ መግለጺታት ክንሰምዕ እንከለና "ሓባራዊ ረብሓ"፡ "ባዶ ደምር"፡ "ፖለቲካዊ-ጸወታ Political Game" ምስኡ ተተሓሒዞ ከኣ "ሓሳባዊ-ጸወታ Game Theory" ዝብሉ ኣምራት ንሰምዕ ኢና።

ፖለቲካዊ-ጸወታ ኣብ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ ኩነታት ይኹን ኣብ ንግዳዊ ትካላት ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ተዋሳእቲ ዘሎ ስትራተጂያዊ ሕርያታት ብዋዕእ ተረዲእኻ፡ ንምግማት ረብሓኻ ወይ ሓባራዊ ረብሓ ንምርግጋጽ እትጥቀመሉ ሳይንሳዊ ኣገባብ እዩ።

ፖለቲካዊ-ጸወታ ማለት፡ ሃገራት ይኹን ውድባት፡ (ከምኡ'ውን ንግዳዊ ትካላት) ምስ ካልእ ሃገር ወይ ውድብ ኣብ ሓድሕድ ዝምርኩስ ረብሓ ክህልወን እንከሎ፡ ድልየተን ብዝዋግዲ ትጽቢት ናይ መጻምድተን፡ ውልቃውን ሓባራዊን ረብሓ ንምርግጋጽ ኣማራጺታት ንምድህሳስ በብወገን ዘካይድኦ ትንታነ እዩ። እዩም መጻምድቲ ክልተ ዝፋለጡን ሓድሕድ ዝተኣማመኑን ክኾኑ እንከለው፡ ፖለቲካዊ-ጸወታ ቀሊል ይኸውን። እዩም መጻምድቲ ክበዛሉ እንከለዉ. ገለ ካብኦም ከኣ ንሓድሕዶም ዘይተኣማመኑ ክኾኑ እንከለው፡ እቲ ፖለቲካዊ-ጸወታ ዝተሓላለኸ ይኸውን። ሃብታም ተመክሮ ከኣ ይሓትት።

ኣብ ፖለቲካዊ-ጸወታ ሓደ ኣገባብ ወይ ተኽእሎ ሓሳባዊ-ጸወታ እዩ። ኣብ ሓሳባዊ-ጸወታ ዝሳተፉ (Players) እዮም ወሰንቲ ኣካላት እንተኾኑ ዝሓሹ እዩ። ይኹን'ምበር ሓደ ካብ ተጻመድቲ ኣዝዩ ዝሓየለ ወይ'ውን እቲ ጸምዶ ብዙሕ ዘርብሓ ክኸውን እንከሎ ኣብ ዘተ ዝሳተፉ ወከልቲ ምልኣኽ ልሙድ እዩ። ንኣብነት ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ እዋናት ኣብ መንጎ ሩስያን ኣሜሪካን ጸምዶ ንምጅማር ኣብ ዝተኻየደ ርክብ፡ ፕረሲደንት ሩስያ ብኣካል ኣይከደን። ናይዚ መልእኽቲ "ፕረሲደንት ዩክረይን ከምሚ ኢኻ ምሳኻ ምዝራብ ፍረ የብሉን" ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ሓሳባዊ-ጸወታ ገለ ካብ መጻምድቲ ሓደ ንጹር ትጽቢትን ንኡ ንምርግጋጽ ንጹር ስትራተጂ ዘለዎም ክኾኑ ይኽእሉ። ብኣንጻሩ ካልእ መጻምድቲ ሓደ ንጹር ዕላማን ስትራተጂን ዘይብሉ ይኸውን። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እቲ ሓሳባዊ-ጸወታ ክተሓላለኽን ብዋዘሪዊ መፍትሒታት ክዛዘም ይኽእል።

**ገለ ኣገደስቲ ኣምራት ኣብ "ሓሳባዊ-ጸወታ" ኣሰቲብና ንጠቕስ**

• ጸዋታ ብዙሓት ዝጽወት ሓሳባዊ-ጸወታ ምስ ትጽቢት ዝዳረግ ንጹር "መኽሰብ Payoffs" ኣለዎ።

• ብሓፈሻኡ እቲ "ጸወታ" ብናይ ምትሕብባር (Cooperative) ወይ ብናይ ሀልኽ (Non-Cooperative) መንፈስ ክቕየድ ይኽእል። ብመንፈስ ምትሕብባር ዝጽወት "ጸወታ" ናብ ኣካሪ "ኪዳን" ከምርሕ ይኽእል።

• ሓደ ወገን ጥራሕ ዝረብሓሉ "ጸወታ" ባዶ ደምር (Zero-Sum) ይበሃል። ኣብ ኢባዶ-ደምር (Non-Zero-Sum) መጻምድቲ ብሓባር ይኸስቡ ወይ ይኸስሩ።

• መጻምድቲ ናይ መጻምድቶም ውሳኔ ከይፈለጡ ዝሰብርዎ ውሳኔ "ኣብ ሓደ እዋን" (Simultaneous) ይበሃል። ዓቢ ነገር ክኸውን እንከሎ፡ ሓደ ጉዳይ ናይ መጻምድቶም ዝሰማምዖም እንተ ኾይኑ ተሰማሚዖም ዘይሰማምዑ እንተኾይኑ ኪኢንም ኣብ ካልኣይ መዛረቢ ነጥቢ ይሰግሩ። ከምዚ እናበሉ ከኣ ዘተኦም ይቕጽሉ። ኣብ መጨረሽታኡ ኩሉ ነጥባታት ገምጊሞም ብደምር ዘዋጽኦም እንተኾይኑ ይቕበልዎ፡ ዘዋጽእ እንተኾይኑ ከኣ ይነጽግዎ። ከምዚ ዓይነት ጸወታ ተኸታታሊ (Sequential) ይበሃል።

• ኣብ ገለ እዋናት ዝምድና ኣብ ምህናጽ ሓደ ካብ ተጻመድቲ ካልእ ኣማራጺታት ዘለዎ እንተኾይኑ፡ ኣብቲ ሓሳባዊ-ጸወታ ዓብላሊ ስትራተጂ (Dominant Strategy) ክኽተል ይኽእል።

• ኩሎም ተጻመድቲ ተመጣጣኒ ሓይሊ/ብልጫን ትጽቢትን ክህልዎም እንከሎ፡ ዝዓግቡሉ ወጽኢት ክረክብ ይኽእል። እዚ ከኣ ኣብ ሕሳብ/ማትዝ Pareto Efficiency ይበሃል።

• ማዕርሒ ጸምዶ ወጽኢታዊ ዝኸውን ክልቲኦም ወገናት ርትዓዊ ባህርያት (Rational behavior) ምስ ዝህልዎም ጥራሕ እዩ። ሓደ ወገን ዓቕሙ ኣጋኒኑ ብምርኣይ ልዑል ትጽቢት ሒዙ ምስ ዝቐርብ ወጽኢታዊ ወይ ኣካሪ ዝምድና ምትካል ኣይከኣልን። ከምኡ'ውን ሓደ መጻምድቲ ሓሰዊ ኣብ ባይታ ዘየለ ወይ ዘይነበረ ጸገም መዘምዚ ብልጫ ክረክብ ይኽእል እዩ ኢሉ ንግጠላ ዝመጽእ እንተኾይኑ ወጽኢታዊ ወይ ኣካሪ ዝምድና ክትከል ኣይከኣልን።

**ውህደት "ፖለቲካዊ ጸወታን"፡ "ሓሳባዊ-ጸወታን"**

ሃገራትን ውድባትን ብመጽናዕቲ ደዩ ወይስ ብዘይመጽናዕቲ ሓድሕዳዊ ምትሕብባር ንምህናጽ ኣብ ዝገብርኦ ርክባት ፖለቲካዊ ጸወታ ይጻወታ እየን። ሓሳባዊ-ጸወታ ግን ቅድመ ምድላውን ንጹር ስትራተጂን ትጽቢትን ይሓትት።

ኣብ ዝምድናታት ወጻኢ፡ ብቐንዱ መንግስታት እየን ንሃገርን ህዝበን ወኪለን "ሃገራዊ ረብሓ" ኣማእኪለን ኣብ ስትራተጂያዊ ርክባት ዝሳተፋ። ዝኾነ ይኹን ካልእ ንሃገር ክውክል ኣይኽእልን። ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ግን ንሃገር ኣማእኪሉ ጸጥታን ስርዓትን ከኽብር ዝኽእል መንግስቲ እንተዘየለ ምስ ዝተፈላለዩ ሃገራዊ ወይ ከባብያዊ ውዳበታት ዝምድና ምህናጽ ግዝያዊ መፍትሒ ክኸውን ይኽእል እዩ። እታ ሃገር ኣብ ንብረ ክሳብ ትምለስ ወይ'ውን ተመሓራርያ ክሳብ ትውደብ።

ሃገራዊ ረብሓ ልኡላውነት፡ ጸጥታ፡ ቁጠባዊ ዕበየት፡ ልዙብ ጎደቦ ወዘተ. ከጠቓልል ይኽእል። ዝምድና ኣብ ምትካል ሃገራት እቲ ዝለዓለ ኣገዳሲት ኣለዎ ዝበለኦ ንምርግጋጽ፡ ኣብ ገለ ሃገራት ሕድገታት ክገብራ ይኽእላ። ልኡላውነት ግን "ሕድገት ዘየፍቅድ መስመር" እዩ።

**ምትሕብባር ኣብ ምንታይ ይህልዩ?**

ሃገራት ኣብ ናይ ገዛእ ርእሰን ሃገራዊ ረብሓ ኣለወን። ሃገራዊ ረብሓአን ንምምላእ ከኣ ምስ ሓንቲ ወይ ብዙሓት ሃገራት ምትሕብባር (ጸምዶ፡ ኪዳን) ይገብራ። ሃገራዊ ረብሓ ዘማእከለ ምትሕብባር ግን ከም ዝማእመኣሳን ኣብ ደስ ዝበሎን ብቐለሉ ዝምላእ ኣይኮነን። ኣዝዩ እተሓላለኸ፡ ብዝተፈላለዩ ረቛሒታት ዝጽሎ እዩ። ንምትሕብባር ዝጸልዉ ገለ ኣብነታት ንጥቀስ፡

**1. ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ**

• ባህላውን ሃይማኖታውን ምትእስሳራት - ኣብ ሓደ ጎደቦ ሓደ ቋንቋ፡ ሓደ እምነት፡ ሓደ ባህሊ፡ ሓደ ልምዲ እንተሃልዩ ንዝምድና ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብኣንጻሩ ብዙሕነት ቋንቋታት፡ እምነታት፡ ልምድታት ኣብ ዘለዉሉ ሃገርን ጎደቦን ዝምድና ኣብ ምህናጽ ዓቢ ጥንቃቐ ይሓትት። ከመይሲ ዝኾነ ይኹን ዝምድና ኣብ ምህናጽ ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ተመጣጣኒ ረብሓ ክህልዎ ስለዘየኽእሉ። ዝኾነ ይኹን ዝምድና ንሓደ ክፋል ሕብረተሰብ ዘርብሕ ክኸውን ኣይግባእን።

• ታሪኻዊ ቂምታ - ኣብ ሕሉፍ ዝተፈጸሙ በደላትን ዝበቑሉ ቂምታታትን (መግዛእቲ፡ ወረር፡ ዘይመረጋጋእ ምድላይ) ንዝምድና ብኣሉታ ክጸልዉ ስለ ዝኽእሉ ግቡእ መዕለቢ ወይ ግቡእ ኣቓልቦ ክወሃቦም ይግባእ።

• ሕሉፍ ዝምድናታት - ዝሓለፉ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ርክባት (ጸብቒ ዝምድና፡ ውዕላት፡ መግዛእቲ፡ ውግእ፡ ጥልመት ወዘተ) ብዋዕእ ምምዝጋብን ካብኡ ምምሃርን።

ብሓጺሩ ሕሉፍ ዕድላት/ብደሆታት፡ ፍጻመታት፡ ዝተወሰዱ ውሳኔታትን ተግባራትን ከመይ ይመስል? እዚ ህሉው ኩነታት'ከ ብኸመይ ክጸልዎ ይኽእል? ህሉው ኩነታት ምስ ተሰዊሮ'ኸ ንመጻኢ እንታይ ሳዕቤን ኣለዎ? ዝብሉ ማእረታዊ ሕቶታት፡ ፖሊሲ ዘውጽኡ ብደቂቕ ዘጽንዕዎን ዝገምግምዎን ጉዳይ እዩ። መንግስቲ ኤርትራ ኣብዚ መዳይ'ዚ ሃብታም ተመኩሮ ስለዘለዎ ምስ ኣፍሲ. ወሰኑ ሃገራት ጎደቦና፡ ብውልቅን ብጉጅለን ዝጸምድ ፖሊሲ ቀዳሱ እዩ ዘተግብር።

**2. ማሕበራዊ ኣቃውማን ባህላዊ ረቛሒታትን**

ሃገራት ብብዙሕ ማሕበራዊ ጉጅለታት (ብሄራት፡ ቀቢላታት፡ እንዳታት፡ እምነታት፡ ጾታ፡ ደርብታት ወዘተ.) ዝቖማ እየን። ገለ ሃገራት ንኣብነት ከም ኤርትራ ሃገራዊ መንነት ዝሓዘ ክኾና ከለዋ፡ ገለ ከኣ ንኣብነት ከም ኢትዮጵያ ብመንነት እንዳን ቀቢላን ዝተሓመሳ እየን። ልምድን ክብርን ህዝቢ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለ እዩ። ማሕበራዊ ፍትሒ ድማ ኣብሱ ዝኸኣለ ጸላዊ ረቛሒ እዩ።

ኣብ ኤርትራ ሃገራዊ መንነት ንምህናጽ ኣብ ግዜ ቃልሲ ይኹን ብድሕሪ ናጽነት ብኣድማዕነት ተሰሪሑሉ። ኣብ ኤርትራ ከኣ ድልዱል ሃገራዊ መንነት ኣሎ። ኣብ ኤርትራ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ዝርዕመሉ "ምትሕግጋዝ"፡ "ፍትሒ"፡ "ልኡላውነት"፡ "ምስጠረውነት"፡ "ርእሰ ምርኮሳ" ወዘተ ዝብሉ ክብርታት ኣለዉ። ማሕበራዊ ፍትሒ ምርግጋጽ ድማ ብቐዳምነት ዝስርሓሉ ዘሎ እዩ።

ኣብ ኤርትራ ዝተሃንጸ ውሽጣዊ ሓድነትን ወህደትን መንግስቲ ኣብ ዝምድናታት ወጻኢ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ። ከመይሲ ህዝቢ ንመንግስቲ ዝኣምኖ እንተኾይኑ፡ መንግስቲ ኣብ ዝገብሮ ዝምድናታት ብርእሰ ተኣማማንነት ንሃገራዊ ረብሓ ዘማእከለ ምርጫታት ክወስድ ይኽእል እዩ። ብኣንጻሩ ከምቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነት ህዝቢ ንመንግስቲ ዘይኣምኖ እንተኾይኑ፡ መንግስቲ ንሓጺር ዝሓስበን ምዩቕ እናበለ ዝኸይድን ይኸውን።

**እዚ ኣብ ቦታኡ እናሃለወ ማሕበራዊ ኣቃውማ ብዝምልከት እዚ ዝስዕብ ኣብ ግምት ዝኣቱ እዩ፦**

• ኣቃውማ ሕብረተሰብ - ኣትኒክ፡ ቋንቋ፡ እምነት ብሓፈሻ ኣብ ዝምድና ወጻኢ ብፍላይ ከኣ ኣብ ምህናጽ ዝምድናታት ዘለዎ ጽልዋ፣

• ርእይቶ ህዝቢ - ህዝባዊ ደገፍ ምርግጋጽ። ብፍላይ ከኣ ሕሉፍ ኣሉታዊ ዝምድናታት ስምብራት እንተገዲፎም፣

• ጽልዋ መራኸቢ ብዙሓን ኣክቲቪስትን - ኣብዚ ዘለናዮ እዋናት ብዘይካ እቲ ብሃገር ደረጃ ዝዘርጋሕ ዜናን ሓበሬታን ብማሕበራዊ መድያ እወታውን ኣሉታውን ዝርጋሐ ወረ ግቡእ ኣቓልቦ ናይ ገዛእ ርእሰኻ ተበግሶን ይሓትት።

• ፍልልይ ደንበ - ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ብፍላይ ከኣ ኣብዚ ዝሓለፈ ፍርቂ ዘመን ዘሕለፎም ናተይ ዝበሎም ሃብታም ልምድታት፡ ፖለቲካዊ ባህሊ፡ ክብርታት ኣለውዎ። ኣብ ጎደቦና ምስዚ ናትና ዝመጣጠን ደንበታት የለን። እዚ ኣገዳሲ ባህላዊ ጉዳይ ኣብ ዝምድና ወጻኢ ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ ብዋዕእ ምግምጋም ይሓትት።

**3. ቁጠባዊ ገምጋማት**

ኤርትራ ብሰንኪ መግዛእትን ኩናትን ተጻብኦታትን እገዳታትን ቁጠባኣ ተሃሲዩ እዩ። ብዙሓ. ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ጠቕላላ ውሽጣዊ ፍርያት ኤርትራ'ውን ኣብ ጎደቦና ሓደ ካብቲ ዝወሓደ እዩ። እዚ ኣብ ኣማዕብሎ ዝምድናታት ክህልዎ ዝኽእል ጽልዋ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ብዝውሓደ፡ እዞም ዝስዕቡ ኣብ ምዕራፍ ይኣትዉ፡ እዮም፦

• ንድግን ወፍርን - ህሉው ሓባራዊ መጠን ንግዲ፡ ሓድሕዳዊ ምርኩሳ ኣብ ዕዳጋን ጸጋታትን፡ ብምትሕብባር ክርከቡ ዝኽእሉ ረብሓታት።

• ተወራረሲ ቁጠባ - ምትሕብባር (Synergy) ክፈጥሮ ዝኽእል ዕድላት። ጥረ ጸጋ ሓንቲ ሃገር ኣብ ምምስራሕ እታ ሓንቲ ክፈጥሮ ዝኽእል ምምልላእ።

• ልምዓታዊ ዘይምዕሩይነት - ምትሕብባር ብሰንኪ ኩናትን ካልእን ዘሎ ፍልልያት ብሃገርን ብበብገን ደረጃ ከስዕቦ ዝኽእል ጽልዋ።

• ትሕተቅርጻን መራኸቢታትን - ኣድማዒ ዝምድናታት ክምስረት ብቑዕ መጓዓዝያ ምድሪ፡ ባሕሪ፡ ኣየር፡ ዲጂታዊ መራኸቢታት፡ ትካላትን ክህሉ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ከኣ ኣድላዪ ገምጋም ተገይሩ ዘድሊ ምትዕርራይ ክግበረሉ ይኽእል።

• ሃገራዊ ጸጋታት - ሃገራዊ ጸጋታት ክኢላዊ ዓቕሚ ሰብ፡ ጸዓት፡ ማዕድናት፡ ወደባት፡ መራኸቢታት ብንጹር ቁጠባዊ ውዕላት ንሓባራዊ ረብሓ ከምዝውዕሉ ምግባር ንዝምድና ሓገራት ሓጋዚ ይኸውን።

**4. ሃገራዊ ድሕነት**

መሰረታዊ ማሰረታዊ ኣድላይነት ሃገራት ልኡላውነት ሃገርን ህዝበን ምውሓስ፡ ሰላምን ጸጥታን ምርግጋጽ እዩ።

• ሓባራዊ ሰላምን ጸጥታን - ኣንጻር ዞባውን ኣህጉራውን ኣሸበርትን ጸየቕትን ሓቢርካ ምስራሕ

• ወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ - ሓባራዊ ወተሃደራዊ ፍልሰፍና፡ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ሓባራዊ ምክልኻል ደረጃ ብደረጃ ምትሕግጋዝ የሐይል

• ስምምዕ ምክልኻል - ንጹር ስምምዕ ኣብ ምትሕግጋዝ ንተጻብኦታት፡ ወጻኢታት ምክልኻል ብርትዓዊ ኣገባብ ምሽፋን

**5. ኣህጉራዊ ዝምድናታት**

ኻፍሲ ወሰኑ ሃገር ናይ ገዛእ ርእሳ ዝምድና ወጻኢ ሃልዩዋ ሓባራዊ ፖሊሲ ዝምድናታት ምህናጽ እውን ሓጋዚ እዩ።

• ወህደት ፖሊሲ ወጻኢ - ኣብ ዓበይቲ ኣህጉራዊ ጉዳያት ንኣብነት ክሊማ፡ ልኡላውነት ህዝበን ሃገርን ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ክብሪ ሰብ ወዘተ.

• ሰፊሕ ምትሕብባር ምምዕባል - ኣብልእትን ኣድማዒን ተራ ኣብ ዞባዊን ንኣብነት ኢጋድ፡ ኮሜሳ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ሃገራት ቀይሕ ባሕሪ ከምኡ'ውን ኣህጉራዊ ውድባት ንኣብነት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ዓለማዊ ባንክ ወዘተ.

• ጽልዋ ኣብ ዓበይቲ ሓይልታት - ሓባራዊ ቅርበት ምስ ዓበይቲ ኣህጉራውን ዞባውን ሓይልታት ንኣብነት ቻይና ሩስያ፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ሕብረት መንግስታት ኣመሪካ፡ ደምጻኻ ድልየትካን ዝያዳ ክስማዕ ይሕግዝ።

• ሕጋዊ ውዕላት - ዝነበሩ ዝምድናታት ኣብ ሃገራውን ኣህጉራውን ሕግታት ዝተሃንጹ ክኾኑ እንከለዉ. ነብርትን ወጽኢታውን ይኾኑ።

• ዲፕሎማስያዊ ምትሕብባር - ሃገራት ንረብሐአን ኣዘየን ኣገዳሲ ኣብ ዝበለአን ሃገራት ናይ በይነን ኤምባሲታት ሚሽናት ኣለወን። ኣብ ብኽልኣዊ ወይ ሳልሳዊ ዝርኣየ ሃገራት ድማ ሓባራዊ ቤት ጽሕፈት ምምዕ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል።

**መደምደምታ**

እቲ ዝሓለፎ ጸጋ ኤርትራ፡ ኣብ ግዜ ሰውራ ሻዕብያ ድሕሪ ናጽነት ከኣ መንግስቲ ኤርትራ፡ ብነዊሕ ነዊሕ ተመክሮን ንቕሓትን ኣብ ተመክሮ ዓለም፡ ታሪኽ ህዝብናን ቃልስናን ዘለናዮ መድረኽን ክንጽንዕ ንደለ. ረሃዋን ቅሳነትን ዝጠመተ፡ ኣብ ሓቀኛ ዳታን ሓበሬታን መጽናዕትን ትንታኔን ዝምርኩስ ኣካቢዳ ምውናና እዩ። ኣብ መወዳእታ ዞባውን ኣህጉራውን ምትሕብባር ምስ ራእይና ኣተሓሒዝካ ምርኣዩ ሓጋዚ እዩ።

ሃገራዊ ቻርተር ኤርትራ "ራእይና ንመጻኢ ኤርትራ" ኢሉ ዘስፈሮ ጽቡቕ መደምደምታ ንጽሓፍና እዩ።

ራእይና፡ ኤርትራ፡ ሰላም ፍትሒ ደሞክራሲ፡ ራህዋ ዝሰፈና ሃገር ክትከውን እዩ። ራእይና፡ ጥሜት ድኽነት መሃይምነት ካብ ኤርትራ ምውጋድ'ዩ። ራእይና፡ ሕብረተሰብ ኤርትራ መንነቱን ፍሉይነቱን ዓቂቡ፡ እቲ ብሉጽ ሰድራቤታውን ኮማውን ምትሕልላይ ኣማዕቢሉ፡ ብቁጠባን ትምህርትን ተክኖሎጂን ምስተን ዝማዕበላ ሃገራት ክሰርዕ'ዩ። ራእይና ሕብረተሰብ ኤርትራ ብሰላም ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፍልታቱ፡ ብምዕሩት ኣብ መንጎ ወዲተባዕታይን ጓል ኣንስተይትን፡ ብፍቕሪ ሃገርን ሰብኣዊ ሓልዮትን፡ ብዲሲፕሊንን ስራሕን ፍትወት ፍልጠትን፡ ብምኽባር ሕግን ስርዓትን፡ ብናጽነትን መንነትን ዝልለ ክኸውን'ዩ። ራእይና ከም ኣብ ሓርነታዊ ኩናት ኣብ ሰላማዊ ምህናጽ ተኣምር ምስራሕ እዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኣስመራ ማራቶን 2025 . . .

### ናይ ናህም ኤርምያስ (ሰንዓፈ) ግዜ ይመሓየሽ ዶ ይኸውን?

ዝጸበየ ሃገራዊ ናይ ጉያ ውድድር ምኳኑ ዝገለጸ 'ኣስመራ ማራቶን'፡ ናይ 2025 ማሳናድኣኡ ሰንበት 8 ሰነ ኣብ ቀንዲ ጎደናታት ኣስመራ ክካየድ እዩ።



ኣብዚ ንሓሙሻይ ግዜኡ ዝሰላሰል ኣህጉራዊ መለክዒ ሓዘ ዘሎ ውድድር፡ ሓሓደ ኣትሌታት ካብ ኡጋንዳ፡ ኬንያ፡ ደቡብ ሱዳንን ታንዛንያን ክሳተፍዎ እዮም። ዞባታት ደቡብ፡ ማእከልን ጋሽ ባርካን ከምኡ'ውን ክለብ ደንደንን ናይ ውልቂ ኣካይዳን ድማ ንሓንቲ ዕላማ ክቃለሱ እዮም።

ዞባ ደቡብ ዝሓለፈ ዓመት ብመገዲ ኣትሌት ዓወት ሃብተ፡ ዕወት'ቲ ናይ'ዚ ውድድር ምንባሩ ይዝከር። ዓወት ግና፡ ሰሪ ኣጋጢምዎ ዘጸንሐ መጉዳእቲ፡ ኣብዚ ሕጂ ዝካየድ ውድድር ኣይክሳተፍን እዩ፤ እንተ'ታ ሽዱሽተ ኣትሌታት ከምእተሰልፍ ትግለጽ ደቡብ፡ ናይ ዓሚ ዓወታ ንምድጋም እጅግኣ ሰብሲባ ኣላ።

ናይ 2023 ዕወት ናይ'ዚ ውድድር ኣትሌት ናህም ኤርምያስ (ሰንዓፈ)፡ ሓደ ካብቶም ንጋሽ ባርካ ዝውክሉ ኣትሌታት እዩ። እዚ መንእሰይ፡ ዝሓለፈ ዓመት ልዑል ግምት ተዋሂብዎ ከንሱ፡ ውድድሩ ክዛዘም ከምዘይከኣለ ይፍለጥ። ኣብዚ ሰንበት ዝካየድ ውድድር ግና፡ ኣብ ፖድየም ክድይብ ምኳኑ ብርእሰ ተኣማንነት ገሊጹ ኣሎ። ምኩራት ኣትሌታት ብርካ ጸጸኒ መርሃዊ ተኸስተን ክሀሉ እዩ። ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዕወትቲ ናይ'ዚ ውድድር ኣሉምፒኣዊት ኣትሌት ናዝራት ወልዱ ብዘይምህላዋ ከኣ እዚ ጸወታ ዝያዳ ኣብ መንጎ ኣሉምፒኣውያን ኣትሌታት እውን ማልያ ናይ'ዛ ዝጸበየት ዞባ ናይ ሃገርና ዝወደየ እየም።

ብመንጽር፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብ ኣስመራ ማራቶን መድረኽ ዝደየበ ኣትሌት ዘይነበራ ዞባ ማእከል፡ ሎሚ ናብ ፖድየም ንምድያብ ዝዓየ ክትጸዕት ትጸቢት ይግበረላ፡፡ እዛ ዝጠዘለ ንጥፈታት ስፖርት ብያብኣ ከኣ ጉያ ዝቶየደላ ዞባ፡ ዝሓለፈ ዓመት ብመንገዲ ኣትሌት ሚሮን ተኽለኣብ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ምንባራ ይዝከር።

ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ ተወዳዲራትን ዕወት'ቲን ክትከውን ክኢላ ዘላ ክለብ ደንደን (ሚኒስትሪ ምክልኻል)፡ ብመገዲ ዕቑባይ ጸጋይን ሙሴ እስቲፋኖስን ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዛ ነይራ - ኣብ 2024። ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ድማ፡ ካብዞን ተወዳደርቲ ኮይና ብምቕራብ ክትዕወት ብዙሓት ደገፍታ ይጸበዩዋ።

ኣብዚ ክልተ ኣቀላጠፍቲ ውድድር (Pacemakers) ዘለውዎ ጸወታ፡ ተሳተፍቲ ሃገራት'ውን ግምት ዘይወሃበን ኣይኮና - ወላ'ኳ እቶም ዝሓለፈ ዓመት ዝመጽኡ ኣትሌታት ቡዑህቲ ኣይነበሩ። ኣብ 2023 ግና፡ ኡጋንዳ ብመንገዲ ኣትሌታ በን ቸልሞ ኣቢላ ዕወት'ቲ ናይ'ዚ ውድድር ንምኳን ሓያል ተወዳዳሪት ኣርእያ ምንባራ ይዝከር። ናህም (ሰንዓፈ)፡ ንኤርትራ ዋሕስ ከምዝኾነ'ውን ኣይርሳዕን። ብሓፈሻ ግና፡ ኣብዛ ብዘለዋ ብራኽ "ኣብ ዓለም ሻዱሻይቲ ዝበርኸት ከተማ" ምኳና እትግለጽ ከተማ ኣስመራ ዝካየድ ውድድር፡ ክብደህም ከምዝኽእል ፈላጦት ናይ'ዚ ዓውዲ ይገልጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ናይዚ ውድድር ግዜ ዝመሓየሸ ኣትሌት፡ 1000 ዶላር (15 ሽሕ ናቕፋ) ሽልማት ተዳልዩ ኣሎ። ናህም (ሰንዓፈ) ኣብ 2023 ዝዘረሞ - 2 ሰዓት፡ 14 ደቒቕን 21 ካልኢትን እዩ ዝቐልጠፈ ግዜ ናይዚ ውድድር ኮይኑ ዘሎ።

ብዘይካ'ዚ፡ ማዕረ ማዕረ እዚ ውድድር፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ናይ 10 ኪሎሜተር ጸወታ ዶልሺ ተስፉን ራሄል ዳኒኤልን ክሕጸር ትጸቢት ኣሎ። እተን ዝተረፋ ናይ ደቡብ፡ ማእከልን ክለብ ደንደንን ኣትሌታት'ውን ሰናፋት ኣይኮናን።

ፓራኣትሌታት (ናይ ዊልቸር ውድድር) እውን ከም ናይ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ ክልተ - ናይ ዓንዲ ሕቖን ናይ መሓውርን ስንክልና ተኸፋፊሎም ክጻወቱ እዮም።

ቅድሚ'ዚ ኩሉ ውድድር ድማ፡ ካብ 7፡30 ቅ.ቀ ጀሚሩ ካብ ሲነማ ሮማ ክሳብ ባሕቲ መስከረም፡ ዝኾነ ሰብ ክሳተፎ ዝኽእል ናብ ሓፋሽ ጉያ ክህሉ እዩ።



ናይ ዓሚ ዕወት ኣትሌት ዓወት ሃብተ

## ውድድር ማውንቴን ባይክ



ቅድድም ብሽክለታ ማውንቴን ባይክ ናይ ዋንጫ ሰሜኣታት፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ከባቢ ሓሙሻይ መደበር ፖሊስ፡ ቀዳማይ መድረኽ ኣሰላሲሉ።

ፈለማ 33 ኪሎሜተር ዘሰላሰሉ ዕድመ 13ን 14ን እዮም። ኣብ ሰዓት ብገምጋም 34.83 ኪሎሜተር እናተጓዕዙ ድማ ዛዚሞም። ኣሮም ሳሙኤል ካብ ጎዳይፍ ንወዲ ጋንታኡ ናህ ሚካኤልን ተቐዳዳማይ ሳሊና ቅዱስ ኣተሽምን ኣኸቲሉ ተዓዊቱ።

ዕድመ 15ን 16ን 41.5 ኪሎሜተር እዮም ሸፊኖም። ብገምጋም ኣብ ሰዓት 35 ኪሎሜተር እናተጓዕዙ ድሕሪ ዝበርዎ ቅጽበታዊ ውድድር ድማ፡ ተቐዳዳማይ ጎዳይፍ ብሩኽ ብርሃ ቀዳማይ ኣትዩ። ሙሴ ኣብርሃም - ሳሊና፡ ናድኣብ ሙሴ - ቀይሕ ባሕሪ ድሕሪኡ ኣትዮም።

ዕድመ 17ን ልዕሊኡን 51 ኪሎሜተር ተሰሪዖሎም። ኣብ ዝበርዎ ቅጽበታዊ ውድድር ከኣ፡ ተቐዳዳማይ ኣሮር - ዳኒኤል ገዕሸ ቀዳማይ ኣትዩ። ርበል ዳኒኤል - ናትና፡ ናህም ኣማኑኤል - ትጸቢት ተኸቲሎሞ። እዞም ምድቡ ብገምጋም ኣብ ሰዓት 37 ኪሎሜተር ይጓዓዙ ምንባሮም ተሓቢሩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ደቂ ኣንስትዮ 26 ኪሎሜተር ክሰርዓለን እንከሎ፡ ኣብ ሰዓት ብገምጋም 30.6 ኪሎሜተር ተጓዒዘን። ኣባል ጋንታ ኤሪስታር ዝኾነት የርሳሌም ፋኑኤል ድማ ንደሴት እዮብ - ትጸቢት፡ ራህዋ ብርሃ - ሳሊና ረቲዓ ቀዳመይቲ ኣትያ።

## ኢንዛገ፡ ናብ ኣል ሂላል ኣቕኒዑ



ናይ ቅድም ዓሳሚ ኢንተር ሚላን - ሲሞን ኢንዛገ፡ ንስዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል ክዕልማ ተሰማሚዑ።

ናይ ክልተ ዓመታት ውዕል ክፍርም ምኳኑ ዝሕበር እዚ ኢጣልያዊ፡ ዓመታዊ 26 ሚልዮን ዩሮ ክኽፈል እዩ - ብመሰረት ጸብጻባት። እዚ ማለት፡ ሓደ ካብቶም ዝለዓለ መሃያ ዘለዎም ዓለምቲ ዓለም ክኸውን እዩ። ነዛ ዓባይ ዓረባዊት ክለብ መሪሑ ድማ፡ ቀዳመይቲ ጸወታኡ፡ ኣብ ዋንጫ ክለባት ዓለም ምስ ሪያል ማድሪድ 18 ሰነ ክገጥም እዩ።

ኣብ ሰነ 2021 ንኢንተር ሚላን ክዕልማ ዝጀመረ - ኢንዛገ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ብፒኤስጂ ብገፊሕ 5-0 ድሕሪ ምስዓሩ፡ ድሕሪ ወሰናት መዓልታት መዘዙት ምርካቡ ይዝከር።

## ኣርሰናል - መጻኢ ጆርጂንዮን ቴርነይን ኣብቂዑ

ተጻዋቲ ኣርሰናል ዝኾኑ ጆርጂንዮን ኬራን ቴርነይን ውዕሎም ዝመጽእ 30 ሰነ ምስ ኣብቅዐ ክወጽኡ ምኳኖም፡ እዛ ለንደናዊት ክለብ ኣፍሊጣ።

ኣብ ጥሪ 2023 ብ12 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቸልሲ ናብ ኣርሰናል ዝተጸንበረ - ጆርጂንዮ፡ ኣብ 79 ግጥማት ወኪሉዋ እዩ። ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመታት ብ25 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሰልቲክ ናብ ኣርሰናል ዝተጸንበረ ስኮትላንዳዊ ቴርነይ ድማ፡ ኣብ 170 ጸወታታት ተሰሊፉላ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ብልቓሕ ካብ ቸልሲ ዝመጸ - ራሒም ስተርሊን ግዜኡ ወዲኡ ክምለስ እዩ። እንተ'ቲ 30 ሰነ ውዕሉ ዝዛዘም - ቶማስ ፓርተይ ግና፡ ሓዲሽ ውዕል ንምፍራም ይዛረረብ ኣሎ።

## መደብ ጸወታ

ሎሚ

ሻምፕዮን ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ዞባ ማእከል

ጎዳይፍ - ሓይሊ ኣየር 12፡00 ድ.ቀ

ኩባንያ ሰምበል - ፓራዲዞ 2፡00 ድ.ቀ

ኣዱሊስ - ኣልታሕሪር 4፡00 ድ.ቀ

ኔሽንስ ሊግ ፍርቂ ፍጻመ

እስጳኛ - ፈረንሳ 10፡00 ድ.ቀ

## ማን ሲቲ፡ ንራይንደርስ ንምፍራም ተሰማሚዓ




እንግሊዛዊት ክለብ ማን ሲቲ፡ ንተጻዋታይ ኤሲ ሚላን ቲጃኒ ራይንደርስ ብ55 ሚልዮን ዩሮ (46.3 ሚልዮን ፓውንድ) ክተፈርሞ ተሰማሚዓ።

ምስዚ ወዲ 26 ዓመት ኣከፋፋሊ ኣብ ውልቃዊ ጉዳያት ተሰማሚዓ ዘላ ሲቲ፡ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ውዕል ክተፈርሞ ምኳና ይሕበር። ኣብቲ 15 ሰነ ዝጅመር ዋንጫ ክለባት ዓለም መታን ክትጥቀመሉ ድማ፡ እቲ ናይ ምፍራም መስርሕ ኣብዚ ቀረባ ግዜ ክውዳእ ተተስፍያ ኣላ።

ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ቀንዲ ድርዒ ማን ሲቲ፡ መስመር ምክፍፋላ ምንባሩ ይዝከር። ኣብ ምጅማር ዝሓለፈ ወቕቲ (2024-25) ጸላዊ ኣከፋፋሊኣ ሮድሪ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ንዝተረፈ ዓመተስፖርት ካብ ውድድር ብምእላዩ ግና፡ ኣብ ቁመና ናይዚ መስመር ርኡይ ድኽመት ኣስዒቡ እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዝበልሐ ተጻዋታይ ዝኾነ ኣከፋፋሊ ኬቨን ደ ብሩይነ'ውን ሰሪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ ካብ ብርክት ዝበሉ ግጥማት ክእለ ተቐሲቡ እዩ። ኣብዞን ዝሰለፈለን ዝበረ ጸወታታት'ውን ቁመናኡ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከምዘይነበረ ይትንተን። እዚ ድማ፡ ማን ሲቲ ዝሓለፈ ወቕቲ ክትዋላእ ካብ ዝገበራ መሰረታዊ ምኽንያት ነይሩ።

ምምጻእ ራይንደርስ ከኣ፡ ብመጉዳእቲ ማዚያ ኮቫቺች ተዳኺሙ ዝሎ መስመር ምክፍፋል ናይ'ዛ ድሕሪ ትሽዓተ መዓልታት ኣብ ኣመሪካ ኣብ "ዋንጫ ክለባት ዓለም" እትወዳደር ክለብ፡ ሓይሊ ምኳኑ ብኢጋኡ ይግለጽ። ክሮኤሽያዊ ኣከፋፋሊ - ኮቫቺች፡ ብዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብዚ ውድድር ወጻኢ ምኳኑ እዩ ዝሕበር። ብዘይካ'ዚ፡ ኣቐዲሙ ምስ ምውዳእ'ዛ ዝተዛዘመት ወቕቲ (2024-25) ካብዛ ክለብ ክፋኖ ምኳኑ ዝሓበረ ደ ብሩይነ፡ ኣብቲ ውድድር ክሳተፍ ትጸቢት ኣይግበረሉን።

ራይንደርስ መን እዩ?

ንዝገራዊት ጋንታ ሆላንድ 22 ግዜ ወኪሉዋ ዘሎ - ራይንደርስ፡ ኣብ እዋን መጥቃዕቲን ምክልኻልን ዝሳተፍ "ሚዜናዊ" ኣከፋፋሊ ተባሂሉ ዝጸዋዕ እዩ። እዚ ከኣ ሲቲ ዝሓለፈ ዓመት ጎዲሉዋ ዝነበረ እዩ፤ ምኽንያቱ፡ ከምዚ ዓይነት ብቕዓት ዝነበሮ - ሮድሪ ሰሪ መጉዳእቲ ብምእላዩ።

ኣብ ጸበብቲ ቦታታት ኩዕሶ ናይ ምምንጣል ዓቕሚ ዘለዎ እዚ ሆላንዳዊ፡ ንልዕሊ መጋጥምቲ ጸቕጢ ምጥባርን ሹቶ ናይ ምቕዳር ዓቕሚን ኣለዎ። ምስ ምምላስ ሮድሪ ድማ፡ ኣብ ጎድኑ ወይ ወይ ቅድሚኡ ክሰለፍ ትጸቢት ይግበር። እቲ ዝጸበየ ረብሓኡ ግና፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ከምዚ ዓይነት እዋን ዝሕለፈ ፐፕ ጓርድዮላ፡ ኣብ ምክፍፋል ዓቢ ምርጫ ዝሀብ ብምኳኑ እዩ።

ራይንደርስ ዝሓለፈ ዓመት ብዝንጸባረቐ ቁመና፡ ዝበለጸ ኣከፋፋሊ ሰሪኣ ክበሃል ክኢሉ እዩ። ኣብ ኩሉ ውድድር 54 ጸወታታት ንኤሲ ሚላን ክውክል እንከሎ፡ 15 ሹቶታት ብምቕጻር ድማ፡ እታ ዝበለጸትን ንፈለማ ግዜ ክልተ ድጀት ሹቶታት ዘመዝገበላን ወቕቲ ነይራ።

# ዜና ዓለም

ሃብተሚኪኤል ዕቑባስላሴ

## እስራኤል፡ ረድኤት ኣብ ቓዛ ከይዕደል ዓንቂጻ



ቓንቁ ኣብ ምድሪ ካብ ሰኣል ዝኸፍኣት ቦታ ኮይና ከም ዘሎ ፕረዚደንት ኣህጉራዊ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል ሓቢሩ።

እቲ ብዓል ስልጣን ዝኢ ዝሕብር ዘሎ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ብውሕዱ 27 ፍልስጤማውያን ኣብ መዐደሊ ረድኤት ብዚጋጠመ ባርዕ ድሕሪ መማቶም እዩ።

ሰራዊት እስራኤል፡ ኣብ ቓዛ ብጥሜት ዝሳቐዩ ዘለው ፍልስጤማውያን፡ ናብቲ ብኣመራጺ ዝመሓደር መካፈሊ ረድኤት ከይቀርቡ ኣጠንቂቑ።

በቲ ከኣ እቲ 'ጅኤችኤፍ' (GHF) ብዝተባህለ ትካል ዝመሓደር መካፈሊ ረድኤት፡ ምሉእ ብምሉእ ክዕጾ ምኽንያት እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ድማ፡ ኣብቲ ወሽመጥ ተኹሲ ደው ክብልን ሰብኣዊ ሓገዝት ብዘይ ዕንቅፋት ክኣቱን ዝጸውዕ ደምጺ ክህብ ምኽንያት ተፈሊጡ ኣሎ።


እስራኤል፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ፍልስጤማውያን ናይ መግቢ ረድኤት ኣብ ዝወስዱሉ መካፈሊ ቦታታት ብተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ክተካይድ ጸኒሓ'ያ።

እታ ሃገር፡ ሰብኣዊ ሓገዝት ናብ ቓዛ ከይኣቱ ን12 ሰሙናት ከልኪላ ብምጽንሓ፡ ልዕሊ 2 ሚልዮን ፍልስጤማውያን ጥሜትን ዝኸፍአ ሰብኣዊ ቅልውላውን ገጢምዎም ከም ዘሎ ይንገር።

ቤት ጽሕፈት መራኸቢ ብዙሃን ቓዛ፡ ኑቲ ብሰራዊት እስራኤል ኣብ ረፋሕን ካልኦት ከባቢታት ቓዛን ዝቐየድ ዘሎ መጥቃዕቲ ኮኒኑ።

እዚ ኮነ ኢልካ ኣብ ልዕሊ'ቶም ረድኤት ክረኽቡ ንልዕሊ 90 መዓልታት ተኸርዲኖም ዘለዉ በርጌስ ፍልስጤማውያን ዝፍጸም ዘሎ መጥቃዕቲ፡ ካብ ማሕበረሰብ ዓለም ሓያል ተቓውሞን ኩነኔን ይገጥሞ ምህላዉ ይፍለጥ።

## መራሕቲ ቻይናን ቤላሩስን ተራኺቦም



ፕረዚደንት ቻይና ሺ ጂንፒንግ፡ ምስ ፕረዚደንት ቤላሩስ ኣሌክሳንደር ሉካሸንኮ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ቤጂንግ ተራኺቦም።

ሺ ጂንፒንግ፡ ንሉካሸንኮ ዳግማይ ፕረዚደንት ቤላሩስ ኮይኑ ብምምራጹ እንቋዕ ሓጎሰካ ድሕሪ ምባል፡ ክልቲአን ሃገራት ብሉጻት መሻርኽቲ ብምኻነን ንሓድሕደን ብቐንዕናን ብምትእምማንን ዝተኣሳሰራ ምኻነን ኣረዲኡ።

ወሲኹ ድማ፡ ኣብ መንጎ ቻይናን ቤላሩስን ኣብ ባህላዊ ምሕዝነትን ዝበለጸ ፖለቲካዊ ሓድሕዳዊ ምትእምማንን እናዓበየ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ቻይና ንርክብት ክልቲአን ሃገራት ወትሩ ብስትራተጂያዊ ዓይኒ ከም ትርእዮ ኣፍሊጡ።

ኣብ መወዳእታ ከኣ ቻይና ምስ ቤላሩስ ብምትሕብባር ርጉእ ምዕባለን ክልተኣዊ ኪኣላን ንምርግጋጽ ድልውቲ ምኻና ገሊጹ።

እቶም መራሕቲ ድሕሪ ዘቐየዱዎ ርክብ፡ ክልቲአን ሃገራት ብምሽራኽ ኣህጉራዊ ፍትሒ ክሕልዋ ጸዊዖም።

ኣብ ቻይና ንመበል 15 ግዜ ዑደት ዘካየድ ዘሎ ሉካሸንኮ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናብ ቻይና ዝገበሮ መገሻታት ሓቀኛ ስምዒት ምሕዝነት ከም ዝተሰምዖ ገሊጹ።

ቻይና ንሃገሩ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ እትገብሮ ዘላ ሓያል ደገፍን ሓገዝን ብምምስጋን ድማ፡ ቤላሩስ ኣብ ቻይና ልዑል እምነት ከም ዘለዋ ሓቢሩ።

ሉካሸንኮ፡ "ቻይና ንዘይፍትሓዊ እገዳን ጸቕጥን ብትሪ ስለ እትቃወም፡ ንዓለም ኣብነት እያ" ብምባል'ውን ኣብ ልዕሊ ቻይና ዘለዎ ኣድናቖት ገሊጹ።

ቤላሩስ፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ንምኽባር ምስ ቻይና ኣበርቲዓ ክትሰርሕ ድልውቲ ከም ዘላ ከኣ ኣፍሊጡ።

## ሓድሽ ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ቃል-ማሕላ ፈጺሙ



ሓድሽ ፕረዚደንት ደቡብ ኮርያ ሊ ጃይ-ሚዩንግ፡ ኣብዚ ሰሙንዚ ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ 49.4 ሚእታዊት ድምጺ ብምርካብ ተዓዊቱ።

ንሊበራላዊ ዲሞክራስያዊ ሰልፊ ኮርያ ወኪሉ ዝመጸ ሊ፡ ኑቲ ኣብ ስልጣን ዝጸንሐ ፕረዚደንት ዩን ሰኩዩል ተኪኡዎ ኣሎ።

ሊ ጃይ-ሚዩንግ፡ ድሕሪ'ቲ ኣብ መላእ'ታ ሃገር ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ፖለቲካውን ቁጠባውን ቅልውላው፡ ቁጽሲ ደቡብ ኮርያ ክፍወሰን ምስ ሰሜን ኮርያ ዳግማይ ዝርርብ ሰላም ክካየድን ምኻኑ ቃል ኣትዩ ኣሎ።

ንሱ፡ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ቅድሚ ፓርላማ ቃለ-ማሕላ ድሕሪ ምፍጻሙ፡ ኑቲ ንኣዋርሕ ዝቐጸለ ዘየርገጸኛትን ፖለቲካዊ ተቓውሞታትን ደቡብ ኮርያ ናብ ንቡር ንምምላስ ክሰርሕ ምኻኑ'ውን ገሊጹ።

እቲ ፕረዚደንት ብዘይካ'ዚ፡ ሰሜን ኮርያ ሒዛቶ ዘላ ኑክሊሳዊ ኣጽዋር ናይ ምትርናዕ መንገዲ ንኽትቋረጽ ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ናይ ርክብ መስመራት ንክኽፈትን ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ ሰላም ንምስፋንን ብዝበለጸ ክሰርሕ ምኻኑ'ዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ፕረዚደንት፡ "ሰላም ክሳብ ክንደይ ዋጋ ይሓትት ብዘየገድስ እቲ ዝበለጸ እዩ" ኢሉ።

## "ዲፕሎማሰኛታት ሩስያ ካብ ሃገርና ክስጎጉ ኣለዎም" ኣባል ባይቶ ጀርመን



ጸረ ሩስያ መርገጺ ከም ዘለዎ ዝንገረሉ ኣባል ላዕለዋይ ባይቶ ጀርመን ዝኾነ ሮደሪክ ኪሰዌተር፡ ኑቲ ካብ ሩስያ ክመጽእ ይኽእል እዩ ዝበሎ ስግኣታት መጥቃዕቲ ሳይበር ንምምካት፡ ሃገሩ ኣብ በርሊን ንዝመደበርም ዲፕሎማሰኛታት ሩስያ ክትሰጉግ ጸዊዑ።

ምስጋጉ ሩሲያውያን ዲፕሎማሰኛታት ካብ በርሊን፡ ጸልዋ ሞስኮ ኣብ ጀርመን ንምንካይ ከም ዝሕግዝ ድማ፡ እቲ ኣባል ባይቶ ዝሓለፈ ሰሉስ ኣብ ዘቕረቦ ጸውዒት ኣፍሊጡ።

ጀርመን ኣብዚ እዋንዚ ንሳይበራዊ መጥቃዕቲ እኹል መከላኸሊ ከም ዘይብላ ዝጠቐሰ ሮደሪክ ኪሰዌተር፡ እቲ ዘቕረቦ እማመ፡ በጺሕትን ጋዜጠኛታትን ሩስያ ናብ ጀርመን ከይኣትዉ ምእጋድ፡ ምውጋድ ፕሮፓጋንዳ ከምኡ'ውን ጥርጡር ኮይኑ ዝተረኽበ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምዕጻው ዘጠቓልል እዩ።

እቲ ኣባል ባይቶ ብዘውሰኾ፡ ኣብ በርሊን ዝርከብ ብመንግስታዊ ትካል ሩስያ ዝመሓደር፡ ባህላዊ ፍጻመታት ዘቐድሉን ናይ ቋንቋ ትምህርቲ ዝህብን ማእከል ክዕጾ ጸዊዑ ኣሎ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩስያ ሰርጌይ ላቭሮቭ ኣብ ዝሃቦ መልሲ ድማ፡ ጀርመን ኣብቲ ምስ ዩክሬን ዝቐጸለ ዘሎ ደማዊ ኲናት ቀጥታዊ ተሳትፎኣ ሕጂ ተግሂዱ ምህላዋ ገሊጹ።

## ኡጋንዳ - መጥቃዕቲ ክፍጸሙ ወጢኖም ዝተባህሉ ዕጡቓት ተቐቲሎም





ኣብ ካምፓላ - ርእሰ ከተማ ዩጋንዳ ርእሰ ቅትለታዊ መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ሓሲቦም ዝተባህሉ ዕጡቓት ከም ዝተቐትሉ፡ ሰብ መዚ ናይ'ታ ሃገር ሓቢሮም።

እቶም ብሓይልታት ጸጥታ ዝተቐትሉ ዕጡቓት ኣሸበርቲ፡ ሓንቲ ጓልን ሓደ ወዲን ምኻኖም ድማ ተፈሊጡ ኣሎ።

እታ ሃገር፡ ኑቶም ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ንእስ ሃይማኖቶም ክብሉ ዝተቐትሉ ሰማእታት ኣብ እትዝክረሉ ዘላ እዋን'ዩ እቲ ፍጻመ ኣጋጢሙ።

"ኣሃዱ ጸረ-ሽበራ ኡጋንዳ፡ ኑቶም ጥርጡራት ብምጥቃፍ ካብ ሰራሕ ወጻኢ ገይሩዎም" ክብል፡ ወሃቢ ቃል ሰራዊት ክረስ ማገዚ ሓቢሩ።

ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር ከም ዝሓበርኦ ድማ፡ እቲ ፍጻመ፡ ኣብ ጥቓ'ቲ ሙንዮንዮ ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ከባቢ ዝርከብ ካቶሊካዊ ቤተክርስትያን እዩ ኣጋጢሙ።

ኣብቲ ቦታ፡ ኑቶም ሰማእታት ንምዝካር ዝተሰርሐ ሓወልቲ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

ብዘይካ ኣብ'ቶም ክልተ ጥርጡራት ዝወረደ ሞት፡ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ዝበጽሐ ጉድኣት ከም ዘየለ'ውን ኣገልግሎት ዜና ሮይተርስ ጸብጺቡ።

እቶም ዝተቐትሉ ጥርጡራት፡ ምስ'ቲ 'ኤ.ዲ.ኤፍ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሽበራዊ ጉጅለ ርክብ ከም ዘለዎም'ዩ ዝገለጽ ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ዕጡቓት ናይቲ ጉጅለ ኣብ ኣብያተ እምነታት፡ ኣብያተ ትምህርቲን ከተማታትን መጥቃዕቲ ክፍጽሙ ውጥን ከም ዘለዎም፡ ሰብ መዚ እታ ሃገር ኣጠንቂቖም ምንባሮም ጸብጺቦም የመልክቱ።

ኣብ 2023፡ እቲ ጉጅለ ፈጺምዎ ዝተባህለ መጥቃዕቲ ንሓደ ቤት-ምህርቲ ዒላማ ዝገበረ ኮይኑ፡ ኣስታት 40 ተመሃሮ ምቕታሉ ይዝከር።

እቲ መዓልቲ ሰማእታት፡ ኣብ ኣፍሪቃ ካብ ዝዓበዩ ሃማኖታዊ በዓላት ሓደ ኮይኑ፡ ኑቶም ካብ 1885 ክሳብ 1887 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ዝተቐትሉ 45 ኣመንቲ ካቶሊክን ክርስቲያን ንምዝካር ዝኽበር'ዩ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቅሳነት | 05/06/2025 | ጎደና ሓማሴን ቁ.45 ከባቢ ማይ ኣባሻውል | 110911 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services